# ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ

ኣድሓኖም ሕዱግ

ብዛዕባ’ዚ ኣብዛ መጽሓፍ ቀሪቡ ዘሎ ትምህርቲ

ርእይቶ ወይ ሕቶ እንተልዩኩም

ናብ gundiweyni@gmail.com

ኢመይል ክትጽሕፉለይ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣድሓኖም ሕዱግ (ታሕሳስ 2023)

# ትሕዝቶ

**ኣርእስቲ** **ገጽ**


፩ - ኵሉ ዚኽእል ኣምላኽ ........................................................ 1

፪ - ኣምላኽ እስራኤል ........................................................ 7

፫ - ዘልኣለማዊ ህይወት ሰብ ........................................................ 13

፬ - ተስፋ እስራኤል ........................................................ 16

፭ - ዕላማ መስቀል ክርስቶስ ........................................................ 25

፮ - የሱስ፡ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ........................................................ 33

፯ - ንስሓን እምነት ብየሱስ ክርስቶስን ........................................................ 37

፰ - ናብራ ክርስትና ........................................................ 41

# መቕድም

ክቡራንን ክቡራትን ኣንበብቲ፡ እዚ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ ዚብል ትምህርቲ፡ ብዘይ መምህር፡ ባዕልኻ ኣንቢብካ ክትመሃሮ ብእትኽእል መገዲ እተዳለወ ትምህርተ ክርስቶስ ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ተወሲዱ ኣብዚ ተጻሒፉ ቐሪቡ ዘሎ ትምህርትታት ጽቡቕ ርድኢት ኪህልዎ ዚኽእል እሞ ኪምህረካ ወይ ተወሳኺ መብርሂ ብምሃብ ኪሕግዘካ ዚኽእል ሰብ እንተረኺብካ፡ ጽቡቕ፤ እንተዘይኮነ ግና፡ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ሓገዝ ተኣሚንካ፡ ነቲ ትምህርትታት ባዕልኻ ክትመሃሮ ትኽእል ኢኻ።

ዳርጋ ኣብ ዚበዝሕ ቦታታት ናይዛ መጽሓፍ፡ ክንዲ ነቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ብቑጽሪ ጥራሕ ምቕራብ፡ እቲ ጥቕሲ ብምልኡ ተጻሒፉ ኣሎ፡ እዚ ድማ፡ ወላ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ጥቓኻ ኣብ ዘየለወሉ ጊዜውን ከይተጸገምካ ንኽተንብቦን ክትርድኦን ተባሂሉ ኢዩ። ዝያዳ መረዳእታ ንምርካብ ግና ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕልኻ እናረኸብካ ከተንብቦ እንተ ኽኢልካ ዝበለጸ ኢዩ።

እግዚኣብሄር ይደግፍኩም።

ሓውኹም ኣድሓኖም ሕዱግ

# ፩ - ኵሉ ዚኽእል ኣምላኽ

## መእተዊ

መንነት ናይቲ እተምልኾ ኣምላኽ ክትፈልጥ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። መንነት ናይቲ ክርስትያን ዜምልኽዎ ኣምላኽ ከኣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ኣሎ። ካብቲ ቐንዲ መጽሓፈ ዕላማታት መጽሓፍ ቅዱስ፡ መንነት ናይቲ ኣብኡ ዚዛረብ ኣምላኽ ንምግላጽ እዩ። ብዛዕባ መንነቱ ዚገልጽ ሓሳባት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣልዒልካ ምዝራብ ሰፊሕ ኣርእስቲ እዩ። ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ኸኣ በቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ዘሎ መስርዕ፡ ነቲ ቐንዲ ብቐዳምነት ኪፍለጥ ዘለዎ ሓቅታት ኪዝርዝር እዩ።

ሀ. ኣምላኽ ***ፈጣሪ*** እዩ

***ፈጣሪ*** ዚበሃል፡ ***ንዘየሎ ናብ ህላዌ ዜምጽእ*** እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ካብ መባእታኡ ኣትሒዙ፡ ብዛዕባቲ ፈጣሪ ዝኾነ ኣምላኽ ኬዘንትወልና ይጅምር።

ኣብ መጽሓፍ ኦሪት ዘፍጥረት ምዕራፋት ሓደን ክልተን እንተደኣ ርኢና፡- ነቲ ፈጣሪ ኣምላኽ ንረክኽቦ ኢና። እተን ምዕራፋት ክልቲኣን ኣስፊረንኦ ዘለዋ ትሕዝቶ፡ ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ፍጥረትን ኣፈጣጥራኡን እዩ። ኣምላኽ ኣብ ዉሽጢ ሽድሽተ መዓልቲ ንኹሉ ፍጥረቱ ፈጢሩ ኣብ ሻብዓይቲ መዓልቲ ድማ ኣዕረፈ። እቲ ዝፈጠሮ ፍጥረት ድማ ከምዚ ዚስዕብ እዩ።

1ይ መዓልቲ፡- ብርሃን (ዘፍ.1፡3)
2ይ መዓልቲ፡- ጠፈር (ዘፍ.1፡6)
3ይ መዓልቲ፡- ባሕርን ንቑጽ ምድርን፡ ሳዕርን በብዓይነቱ ኦምን (ዘፍ.1፡9-11)
4ይ መዓልቲ፡- ብርሃናት ኣብ ጠፈር ሰማይ (ዘፍ.1፡14)
5ይ መዓልቲ፡- ኩሎም ፍጥረታት ባሕርን በብዓይነተን ኣዕዋፍ ሰማይን (ዘፍ.1፡20-21
6ይ መዓልቲ፡- ኣብ ምድሪ በብዓይነቱ እንስሳን፡ ለመምታን ኣራዊት ምድርን በብዓይነቱ፡ ከምኡ ድማ *ሰብ* (ዘፍ.1፡24-27)
7ይ መዓልቲ፡- መዓልቲ ዕረፍቲ

**ኣምላኽ ነዚ ኵሉ ፍጥረት 'ይኹን' ብዚብል ናይ ቃል ሓይሊ እዩ ፈጢርዎ። ኣብ ሰብ ከኣ ነቲ ዝበሎ ቃል ተግቢሩ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ።**

**ንኣምላኽ ከም ፈጣሪ ናይዚ ኪዝርዝር ዝጸንሖ ፍጥረታት ምፍላጡን ተቐቢልካ ምእማኑን ማለት፡- እቲ እትኣምኖ ዘሎኻ ኣምላኽ ዕቤቱ መዘና ዘይብሉ ምዃኑ ምእማን እዩ። ኣብዛ ምድሪ እተፈላለየ ዜደንቕ ነገራት ዝመሃዙ ሰባት ኣለዉ፡- ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ደቂ ሰባት ከኣ እምብዛ የድንቕዎም። ሰዓት ዝመሃዘ ይድነቕ፡ ሬድዮ፡ ተሌቪዥን፡ ቴሌፎን፡ መኪና፡ ነፋሪት፡ ሮኬት፡ ሳተላይት፡... ወዘተ ዝመሃዙ ኵሎም ብዙሕ'ዮም ዚድነቑ። እቲ ፈጣሪ ኣምላክ ግና ሓለፋ ኪድነቕ ይግብኦ። ምኽንያቱ፡ ንሱ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታቶም ዘሎ ኵሉን ዝፈጠረ ኣምላኽ እዩ፡ እዚ ኣምላኽ'ዚ ከምቲ ካህን ምድያን - ሓሙ ሙሴ ዝበሎ፡ ካብ ኩሎም ኣማልኽቲ ይዓቢ (ዘጸ.18፡11)።**

## ለ. ኣምላኽ **ወሃቢ ትእዛዝ** እዩ

**ኣምላኽ ኣብ መንጎ ፍጡራቱ ብመልክዑን ብምስሉን ሰብ ምስ ፈጠረ፡ ኣብ ኤድን ገነት ተኺሉ፡ ነቲ ዝፈጠሮ ሰብ ኣብኣ ኣንበሮ (ዘፍ.2፡8)። እዚ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ሰብ ብመልክዕን ብምስልን ኣምላኽ እተፈጥረ ኾይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ፍጡራት ኣምላኽ ገዛእን መላኽን ኪኸውን ስልጣን ብኣምላኽ ተዋሂቡ ነበረ (ዘፍ.1፡26-28)። ምስናይ'ዚ ድማ ኣምላኽ ንሰብ ኣብ ገነት ዜንብሮ ትእዛዝ ሂብዎ ነበረ። ከም ትእዛዝ ኣምላኽ፡ ካብታ ካብኣ እንተ በሊዕካ ሞት ክትመዉት ኢኻ እሞ ካብኣ ኣይትብላዕ ተባሂሉ ተነጊርዎ ዝነበረ ኦም ኪበልዕ ኣይነበሮን።**

> *"ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢሉ ኣዘዞ።" (ዘፍ.2፡17)።*

## ሐ. ኣምላኽ **ጻድቕ ፈራዲ** እዩ

**ኣምላኽ ጻድቕ - ማለት ቅኑዕ - ፈራዲ እዩ። ዘይግባእ ፍርዲ ኣይፈርድን እዩ። ዚግባእ ጥራሕ እዩ ዚፈርድ። ፍርዱ ቅኑዕ እዩ። ንኣብነት፡- ንበዳሊ ከም ንጹህ ኣይርእዮን እዩ (ዘጸ.34፡7)። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ'ዩ ኣብ ልዕሊ ሰብ ቅኑዕ ፍርዲ ዝፈረደ።**

ከምቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ፣ ኣምላኽ ንሰብ ኣብ ገነት ዜንብር ትእዛዝ ሂብዎ ኔሩ። ሰብ ከኣ ነቲ ትእዛዝ ተጠንቂቑ ኪሕልዎ ኔርዎ። እንተኾነ ኣብ ዘፍ.3፥1-6 ዘሎ ቃል፣ ሰብ ነቲ ትእዛዝ ብምጥሓስ ንኣምላኽ ከምዝበደለ ወይ ድማ ሓጢኣት ከምዝገበረ ይሕብረና። ብድሕርዚ ኣምላኽ ነቲ ዝበደለ ሰብ ቅኑዕ ፍርዲ ኪፈርዶ ከሎ ንርኢ። እቲ ፍርዲ ድማ ሰብን እታ ንሱ ዚነብራ ዝነበረ ምድርን መርገም ኪርገሙን፣ ሰብ ካብ ገነት ኪስጎጉን ነበረ (ዘፍ.3፥14-24)። እዚ ፍርድ'ዚ ኸኣ ተተግበረ። ኣምላኽ ነዚ ፍርድ'ዚ ኪፈርድ ከሎ ኣይተጋገየን። ፍርዲ'ውን ኣየቕነነን። እቲ ዝሃቦ ፍርዲ እቲ ዚግባእ ደኣ እምበር ዝኸበደ ወይ ዝፈኾሰ ኣይኮነን። ብድሕር'ዚውን ኣምላኽ ከም ቅኑዕ ፈራዲ ኣብ ካልእ እዋናት ተጠቒሱ ኣሎ። ኣብዚ ጻድቕ ፈራዲ ምዃኑ ዜግህድ ከም መባእታዊ ኣርባዕተ ኣብነታት ክንጠቅስ ኢና።

1. ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ቃኤል (ዘፍ.4፥11-12)

   ቃኤል ንሓዉ ኣቤል ቀኒኡ ምስ ቀተሎ፣ ሽዑ ኣምላኽ ድማ ንቃኤል ፈረዶ። ረገሞ (ዘፈ.4፥1-15)።

2. ፍርዲ ማይ ኣይሂ (ዘፍ.6፥5-8)

   ሰብ ኣብ ምድሪ ኪበዝሑ ምስ ጀመሩ፣ ክፍኣት ሰብ ድማ እናበዝሔ ኸደ። ሽዑ ኣምላኽ ቅኑዕ ፍርዲ ፈረደ። ኣብ ምድሪ ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ኣዘኒሙ ምድሪ ኣኽራና ከይተረፈ ብማይ ምስ ተዋሕጠት ብጀካ ኖህ ሻምናይ ርእሱ፣ ኵሎም ጥሒሎም ጠፍኡ። ኖህ ግና በታ ኣምላኽ ስርሓያ ዝበሎ መርከብ ሻምናይ ርእሱ ደሓነ (ዘፍ.6,7,8)።

3. ፍርዲ ግምቢ ባቤል (ዘፍ.11፥1-9)

   ድሕሪ ማይ ኣይሂ ሰባት እንደገና ምስ በዝሑ፣ "ከተማን ርእሱ ሰማይ ዚጥንቍር ግንብን ንስራሕ፣ ስምና ኸኣ ነጸውዕ በሉ።" ኪዓዩ ድማ ጀመሩ። ኣምላኽ ነቲ ሃቐናኦም ብጽድቁ ፈረዶ። ኣብቲ እዋን'ቲ ምድሪ ብዘላ ብሓደ ቛንቛን ብሓደ ንግግርን ነበረት። ሽዑ እግዚኣብሄር ንቛንቋ ኹላቶም ፋሕ-ፋሕ ኣበሎ።

4. ፍርዲ ሶዶምን ገሞራን (ዘፍ.18,19)

   ኣምላኽ ነተን ብሓጢኣት ኣመና ተባላሸየን ዝነበራ ከተማታት ሰዶምን ገሞራን ብሓዊ ኣጥፍኤን። እዚ ከኣ ቅኑዕን ዚግባእ ፍርድን'ዩ ኔሩ። ኣምላኽ ከምዚ ዝበለ ጻድቕ ፈራዲ ካብ ኮነ እምበኣር ኪፍራህ ዚግብኦ ኣምላኽ እዩ።

መ. ኣምላኽ **ናይ ኪዳን ኣምላ**ኽ እዩ

**ኪዳን ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ** ዝኾኑ **ኣካላት ዚእቶ** ውዕል **እዩ። እዚ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታቶም ዘሎ** ኹሉን **ዝፈጠረ ኣምላ**ኽ **ከኣ ናይ ኪዳን ኣምላ**ኽ **እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ በበይኑ** ግዜ **ምስ** እተፈላለዩ **ሰባት ኪዳን ከም ዝኣትወ ተጻሒፉ ኣሎ። ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ኪዳናት ኣምላ**ኽ ኩሉ **ኣብዚ ኣይ**ክን**ዝርዝሮን ኢና፣ ግና**ኽ **ካብ** ኩሉ ጕሊሑ ዚርአ (**ኣገዳሲ** ዝኾነ) **ኪጥቀስ እዩ።**

1. **ኪዳን ምስ ኣብርሃም (ዘፍ.17፥1-14)**

**ካብቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጕሊሑ ዚ**ርአ **ኪዳናት ሓደ፣ እቲ ኣምላ**ኽ **ምስ ኣብ**ርሃ**ም ዝኣተዎ ኪዳን እዩ።**

ኣምላኽ ንኣብራም “... ***ኣብ ቅድመይ ተመላለስ ፍጹም ከኣ*** ኹን። ... ***ኣዝየ ከብዝሓካ እየ ... እንሆ ኣነስ ኪዳነይ ምሳ***ኻ ***እዩ። ንስ***ኻ ***ኣቦ ብዙሓት ህዝብታት*** ኽ***ትከዉን ኢ***ኻ ... ***ኣብርሃም ደኣ እምበር፣ ደጊም ስምካ ኣብራም ኣይጸዋዕ ... ንስ***ኻ ***ኸኣ ኪዳነይ ክትሕሉ ኢ***ኻ።” ኢሉ ኪዳን ይኣትወሉ **(ዘፍ.17፥1-14)**። **ምልክት ናይዚ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ኣብረሃምን እተገብረ ኪዳን ከኣ ተባዕታይ ዘበለ፣ ኣብ** ሻምነይቲ **መዓልቲ ስጋ ዕልቦኡ ኪግዘር ኔርዎ።**

2. **ኪዳን ምስ ይስሃቅ (ዘፍ.26፥1-5)**

**ኣምላ**ኽ **ነቲ ምስ ኣብ**ር**ሃም ኣትይዎ ዝነበረ - ናይ በረ**ኸ**ት ኪዳን ምስ ወዱ ይስሃቅ ድማ ቀጺልዎ እዩ። እቲ በረ**ኸ**ትን ኪዳንን ንዘርኢ ስለዝንበረ፣ ናብቲ ዘርኢ ኣብረሃም ዝ**ኾነ **ይስሃ**ቅ **ቀጸለ።**

3. **ኪዳን ምስ ያእቆብ ( ዘፍ. 28,29,32 ረኤ)**

**ኣብ ያእቆብዉን እቲ ኣምላክ ምስ ኣብረሃም ኣትይዎ ዝነበረ ኪዳን ከይፈረሰ ከምዚ**ቕ**ጽል ኢና ንርኢ. ኣምላክ ንኣብረሃም ምስ ዘርኡ ከምዚከዉን ስለዝነገሮ ምስ ዘርኡ ኮነ።**

**ስለዚ ኣብዚ እቲ ኣምላ**ኽ **ምስ ኣብ**ር**ሃም ዝኣተዎ ኪዳን ፡ ኣብ ደቂዉን ከምዚ**ቕ**ጽል ኢና ንርኢ። ኣምላክ ንዝኣተዎ ኪዳን ኣይፈርስንዩ። (ዘጸ.6፥42-4)**

## ፫. ኣምላኽ ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን እዩ (ዘጸ.3፥6)

ኣምላኽ ነቶም ዚስዕቡ ዘርኢ ኣብርሃም፥ *"ኣነ ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን እየ"* ኢሉ ይዛረቦም ነበረ። ኣምላኽ ንኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ***ከም ኲሉ ዚኽእል*** ኣምላኽ እዩ ተገሊጽሎም (ዘጸ.6፥3)። ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ድማ ንኣምላኽ ከም ኲሉ ዚኽእል ገይሮም የምልኽዎ ነበሩ። ነዚ ቐጺልና ብኣብነታት ኣሰኒና ኽንርእዮ ኢና።

### 1. ኣብነት ኣብርሃም (ዘፍ.22)

ሓደ ጊዜ ኣምላኽ ንኣብርሃም፥ "ነቲ እትፈትዎ ሓደ ወድኻ ይስሃቅ ውሰድ እሞ ናብ ምድሪ ሞርያ ኪድ፥ ኣብኡ ድማ ኣብ ሓደ ካብቲ ኣነ ዝነግረካ ኣኽራን ንዚሓርር መስዋእቲ ሰውኣዮ" በሎ (ዘፍ.22፥2)።

ኣቐዲሙ ኣምላኽ ንኣብርሃም፥ "ብይስሃቅ እዩ ዘርኢ ዚጽውዓልካ..." ኢልዎ ነበረ (ዘፍ.21፥12)። ኣብዚ፥ ኣምላኽ ንኣብርሃም፥ 'ንይስሃቅ ወድኻ ሰውኣለይ'፥ ኢሉ ኣብ ዝሓተቶ ግዜ ይስሃቅ ጌና ቆልዓ እዩ ኔሩ። ይስሃቅ ሓድጊ ከይገደፈ እዩ እምበኣር፥ ኪስዋእ ዚበሃል ዘሎ። ኣብርሃም ግና ነቲ ኣምላኽ ዝበሎ ኪትግብሮ እዩ ወሲኑ። ንወዱ ይስሃቅ ኪስዉኦ ኸኣ ሒዝዎ ተበገሰ። ይስሃቅ ግና እቲ ኪስዋእ ተሓሲቡ ዝነበረ ንሱ ምዃኑ ኣይፈለጠን ነበረ፥ ስለዚ ድማ ነቦኡ፥ 'ኣቦየ...ሓውን ዕጨይትንሲ እንሆ፥ እቲ ንዚሓርር መስዋእቲ ዝኸዉን በጊዕ ደኣ ኣበይ ኣሎ?' በሎ። ኣብርሃም ከኣ ወደየ እቲ ንዚሓርር መስዋእቲ ዚኸዉን በጊዕሲ ***ኣምላክ ንርእሱ ይሓልዩ እዩ፥*** በለ (ዘፍ.22፥7-8)። እወ! ኣብርሃም ንኣምላኽ ***"ከምቲ ኲሉ ዚኽእል"*** እዩ ተቐቢልዎ - ብኽምኡ ስለ እተገልጸሉ (ዘፍ.17፥1)። ኲሉ ከም ዚኽእል ስለ ዝፈለጠ ድማ ንይስሃቅ ኪስውኦ ኪኸይድ ከሎ፥ "እንተ ሰዊእዮ ደኣ ከመይ ኢሉ ብይስሃቅ ዘርኢ ይስመየለይ?" ኣይበለን። ኣምላኽ ንምዉታት'ውን ኬተንስኦም ከም ዚኽእል'ዩ ኣሚኑ (ሮሜ 4፥17-20)። ስለዚ ወላ'ኳ ይስሃቅ መስዋእቲ ኰይኑ እንተ ሞተ፥ ኣምላኽ ንይስሃቅ ካብ ምዉታት ኬተንስኦ ከምዚኽእል'ዩ ተረዲእዎ። ስለዚ ድማ ንወዱ ንምስዋእ ድሕር ኣይበለን። ንኣምላኽ ከም ከኣሊ ኲሉ ዝኣመኖ፥ ከምኡ'ዩ ዚገብር። ከምቲ ናይ ኣብርሃም እምነት ከኣ፥ ኣምላኽ ንመሳዋእቲ ዚኸዉን ድዑል ልኢኹ፥ ንይስሃቅ ካብ ሞት ኣድሓኖ (ዘፍ.22፥13)።

### 2. ኣብነት ያእቆብ (ዘፍ.30፥27)

ሓደ ግዜ ያእቆብ ምስ ኣኮኡ ላባን ብዛዕባ ዓስቡ ተዘራረበ፥ ሽዑ ያእቆብ ካብ ኣኮኡ ዚደልዮ ዓ ስቢ ነገረ።

**“ሎሚ ብኹለን መጓሴኻ ክሓልፍ እየ። ካብኡ ኸኣ ኵለን ጸነጺትን ዓምቦሬታትን ኵለን ጸለምትን ኣባጊዕ፡ ካብ ኣጣል ድማ ቡሬታትን ጸነጺትን ዘበላ ክፈሊ እየ እሞ ዓስበይ ይኹና” ኢሉ ነኮኡ ተዛረቦ (ዘፍ.30፡32)። ላባን ንወዲ ሓብቱ ማለት ንያእቆብ *“ሕራይ”* በሎ። ግናኸ ንኹለን'ተን ከምዚ እተጠቕሰ ሕብሪ ዝነበረንን ከምኡ ኪወልዳ ይኽእላ'የን ንዝበለን ኵለን ኣባጊዕን ኣጣልን ካብተን መጓሰ ፈልዩ፡ ንደቁ ሃቦም፡ ካብ ያእቆብ ከኣ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ኣርሓቐን። እዚ ድማ ንያእቆብ ብዘይ ዓስቢ ኬትርፎ ኢሉዩ ጌርዎ። ከምቲ ንቡር ቛንቛ ከኣ፡ ያእቆብ ብዘይ ዓ ስቢ'ዩ ተሪፉ ኔሩ። ግናኸ ያእቆብ ንኣምላኽ ከም ከኣሊ ኵሉ ይፈልጦን ይኣምኖን ስለዝነበረ ንኣምላኽ ኣሚኑ ሓደ ነገር ገበረ።**

> ***“ያእቆብ ከኣ ክርዋሕን ሉዝን ሑዳን ካብ ዚበሃል ኣእዋም ጥሉል ኣባትር ወሲዱ፡ ኣብኡ ቕላጥ ቀሊጡ ነቲ ኣባትር ዕሮርባይ ገበሮ፡ ነቲ ዕሮርባይ ዝገበሮ ኣባትር ድማ ኣብቲ እተን መጓሴታት መጺኤን ዚሰትያሉ ዛራ ማይ ዘሎ ጋብላታት፡ ኣብ ቅድሚ እተን መጓሰ ገበሮ እሞ፡ ኪስትያ ምስ መጻ፡ ይትለዋ ነበራ። እተን መጓሰ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣባትር ተተልዋ እሞ እተን መጓሴታት ዑፌታትን ጸንጺትን ዓምቦሬታትን ወለዳ። ..... እቲ ሰብኣይ ድማ ኣዝዩ ሃብተመ። ብዙሓት መጓሴታትን ገላዉን ኣግራድን ኣግማልን ኣእዱግን ነበሮ።” (ዘፍ.30፡37-43)።***

**ነዚ ግብሪ እዚ እቲ ኣምላኽ ከኣሊ ኵሉ ምኧኑ ኣሚኑ ኣብ ኣምላኽ እተወከለ ወይ ከኣ ዓሻ እዩ ዚገብሮ። ነቲ ኵሉ ዚኽእል ኣምላክ ምእማን ዓሻ የምስለካ እዩ። ኣብርሃምን ያእቆብን ዝገበርዎ** ተግባራት **ናይ ዕሽነት እዩ** ዚ**መስል። ግናኸ ንኣምላኽ ከም ከኣሊ ኵሉ** እ**ተቐበሎን ዝኣመኖን ሰብ ኪገብሮ ዚግብኦ ግብሪ ልቦና እዩም ጌሮም።** እምበ**ኣርሲ እቲ ኣምላኽ ኣብ**ር**ሃምን ኣምላኽ ይስሃቅን ኣምላክኽ ያእቆብን ኵሉ ዚኽእል ኣምላኽ እዩ።**

# ፬ - ኣምላኽ እስራኤል

**መእተዊ**

*ያእቆብ ንነዊሕ ዓመታት ምስ ኣኮኡ ላባን ይቕመጥ ናብቲ ቅድም ዝነበሮ ምድሪ ከነኣን ኪምለስ ከሎ ይነቅል። ኣብ መገዲ “መሳገሪ ያቦቅ” ኣብ እተባህለ ቦታ፡ ዘለዎ ዘበለ ኩሉ ንቕድሚት ኣሕሊፉ ንበይኑ ተሪፉ ከሎ ኸኣ ሓደ ሰብኣይ ምሉእ ለይቲ ኪቃለሶ ሓደረ። እቲ ሰብኣይ - ምስ ወግሔ ኪኸይድ እንተ በለ ኸኣ፡ ያእቆብ “ክይባረኽካንስ ኣይሓድገካን እየ” በሎ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ባረኾ። “ደጊም ስምካ እስራኤል ደኣ እምበር ያእቆብ ኣይብሃልን” ኢሉ ኸኣ ሽም ለወጠሉ* (ዘፍ.32፡22-28)። ካብዚ እዋን'ዚ ንነጀዉ ከኣ ደቂ ያእቆብ ከም ደቂ እስራኤል ኪፍለጡ ጀመሩ። ኣምላኽ እስራኤል ዚብል ስም ኣምላኽ ድማ ተገልጸ። ኣብ ትሕት'ዚ ኣርእስት'ዚ እምበኣር፡ ንኣምላኽ ከም ኣምላኽ እስራኤል - መንነቱ ዜግህድ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ሓቅታት ክንርኢ ኢና።

## 1. ኣምላኽ ዮሴፍ

ዮሴፍ ካብ ራሄል እተወልደ ወዲ ያእቆብ - ማለት ወዲ እስራኤል እዩ። ዮሴፍ ሕልሚ ሓለመ - ኣሕዋቱ ኸኣ ብዛዕባ'ቲ ዝሓለሞ ሕልሚ ኣዝዮም ጸልእዎ። ኣብ እስማኢላውያን ከኣ ሸጥዎ። እስማኢላውያን ከኣ ንዮሴፍ ናብ ግብጺ ኣውረድዎ። ብድሕር'ዚ ሓደ ግብጻዊ በዓል ስልጣን ግልያኡ ኪኸዉን ዓደጎ። ኣምላኽ እስራኤል ግና ምስ የሴፍ ነበረ፡ ብምኽንያት እቲ ናይ ምፍታሕ ሕልሚ ዉህበቱ ከኣ ኣብ ግብጺ ድሕሪ ፈርኦን እቲ ካልኣይ ኣገዳሲ ሰብ ንምዃን በቕዔ (ዘፍ.37,39,40,41)።

ኣምላኽ እስራኤል ንዮሴፍ፡-

- *መጎስ ሂብዎ (ሽመት ኣውሂብዎ)*
- *ምስጢር ገሊጾሉ (ሕልሚ ገሊጹሉ)*
- *መጻኢ ኣፍሊጥዎ*
- *ጥበብ ሂብዎ*

## 2. ኣምላኽ ሙሴን ኣምላኽ ህዝቢ እስራኤልን

*ሙሴ ከም ወዲ ጓል ፈርኦን - ኣብ ቤት ፈርኦን ዝዓበየ እስራኤላዊ እዩ። ፈርኦን ንጉስ ግብጺ እዩ ነይሩ ስለዚ ሙሴ ኣብ ሃገረ ግብጺ ኣብ እንዳ ንጉስ ፈርኦን - ናብራ ደቂ ነገስታት*

እናነበረ ዓበየ። ሓደ መዓልቲ ግና ሙሴ ንፈርኦን ዘየሓጉስ ግብሪ ብምግባሩ ካብ ቅድሚ ንጉስ ፈርኦን ኪርሕቕ ናይ ግዲ ኾነ። ሂዲሙ ኸኣ ኣብ ምድሪ ምድያን ይቕመጥ ነበረ። ኣብ ህድማ ኣብ ምድሪ ምድያን ከሎ ከኣ ኣምላኽ ተገልጸሉ። ከምዚ ድማ በሎ፤ "ኣነ ኣምላክ ኣቦካ ኣምላክ ኣብርሃም፣ ኣምላክ ይስሃቕ፣ ኣምላክ ያእቆብ እየ።" (ዘጸ.3፥6።)። ቀጺሉ'ውን ኣምላኽ ንሙሴ "እቲ ዘለኹ እየ ዘለኹ .... እቲ ኣለኹ (እየ)" ኢሉ ተገለጸሉ (ዘጸ.3፥14)።

ኣምላኽ ሙሴ እቲ ዘለኽ እየ - ዘለኹ ... እቲ ኣለኹ (እየ) ኢሉ ብዛዕባ መንነቱ ዚዛረብ ኣምላኽ እዩ። እዚ ድማ ዘልኣለማዊ ስሙ እዩ።

ኣምላኽ ንሙሴ ኣብ እተገልጸሉ እዋን ህዝቢ እስራኤል ማለት ደቂ ያእቆብ ኣብ ግብጺ ኣብ ባርነት እዮም ዚነበሩ ኔሮም፣ ድሮ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ግብጺ 430 ዓመታት ኣቢሎም ጌሮም ኔሮም። ስለዚ እቲ ህዝቢ ኣመና ብዚሑ ነበረ። ኣምላኽ ከኣ ነቲ ኣብ ግብጺ ኣብ ባርነት ዝነበረ ህዝቢ ካብ ግብጺ ኪውጽኦም መደበ። ካብ ግብጺ ንኬውጽኦም ከኣ መራሒ ንኪኾኖም ንሙሴ ሓረዮ። ኣምላኽ ምስ ለኣኾ ድማ ሙሴ ቃላት ኣምላኽ ሰሚዑ ንፈርኦን ተዛረቦ። ፈርኦን ግና ንእስራኤላዉያን ካብ ግብጺ ንኪወጹ ኪፍቅደሎም ፍቓደኛ ኣይነበረን። ኣምላክ ከኣ ንፈርኦን ኬእምንን ሕራይ ኢሉ፣ ንህዝቢ እስራኤል ካብ ግብጺ ንኪወጹ ኪፍቅደሎምን ኢሉ ብሙሴ ጌሩ ብዙሕ ተኣምራታት ገበረ። እቲ እተገብረ ተኣምራታት ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ።

- ብቐዳምነት በትሪ ኣሮን (ሓዉ ንሙሴ) ተመን ተለወጠት፣ ነተን ብጠቢባን ግብጺ ናብ ኣትማን ተለዊጠን ዝነበራ ካልኦት ኣባትር ከኣ ወሓጠተን።

## ኣምላኽ ብሙሴ ኣብ ግብጺ ዘውረዶ መዓት

1. ሙሴ ብበትሩ ነቲ ኣብ ሩባ ዝነበረ ማይ ምስ ወቕዖ፣ ብዘሎ እቲ ማይ ናብ ደም ተለወጠ። ኣብቲ ርባ ዝነበረ ዓሳ'ዉን ሞተ።
2. ኣብ ምድሪ ግብጺ እንቁርየብ መልኣ
3. ኩሉ ደበቆቦቋ ምድሪ ጻጹት ኮነ።
4. ብዙሓት ዕስሌታት ጽንጽያ ከልቢ ኰኑ
5. ኩለን ማል ግብጺ ሞታ
6. ኣብ ሰብን ማልን ፎቕፎቕ ዝበለ ሕበጥ ኮነ
7. ብርቱዕ በረድ ኮነ
8. ንምድሪ ዘጸልመተ ኣንበጣ ኮነ
9. ንሰለስተ መዓልቲ ግብ ዝበለ ጸልማት ኮነ
10. መዅሪ ግብጻዉያን ሞተ

እዚ ኹሉ ተኣምራታትን መዓትን ብኢድ ሙሴ ኣብ ግብጺ ኣምላኽ ኪገብር ከሎ። ፈርኦን ሓንሳብ ልቡ ይተርር ሓንሳብ ድማ ኪለቆም እናወሰነ እዩ ኣሕሊፍዎ። እታ ናይ መወዳእታ መዓት ግና ንኪሰዶም እያ ኣገዲዳቶ። ሽዑ ኪኸዱ ምስ ፈቐደ፡ *ሙሴ ንህዝቢ እስራኤል መሪሕዎም ካብ ግብጺ ነቕለ፡ ኣምላኽ ከኣ ቀትሪ ብዓንዲ ደመና ለይቲ ብዓንዲ ሓዊ ይመርሖም ነበረ።* ኣምላክ ባዕሉ መራሒ ኰይንዎም።

ከምዚ ኢሎም እናኸዱ ከለዉ፡ ኣብ ጉዕዞኦም ኣብ ባሕሪ ኤርትራ (ማለት ቀይሕ ባሕሪ) በጽሑ። እዚ ድማ ዓብዪ ብድሆ ነበረ። ምኽንያቱ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ተጣዒሱ፡ ድሮ ሰራዊቱ ሒዙ ኬርክቦም ደድሕሪኦም እናሰዓበ ቀረብዎም ነበረ። ስለዚ እስራኤል ኣብ መዋጥር ኣተዉ *ብቕድሚኦም ባሕሪ፡ ብድሕሪኦም ከኣ ፈርኦንን ሰራዊቱን።* ናበይ ኬብሉ ከም ዘለዎም ዓቕሎም ኣጽቢቦም ከለዉ፡ ኣምላኽ ንሙሴ ነቲ ባሕሪ በታ ሒዝካያ ዘለኻ በትሪ ወቒዕካ ምቕሎ እሞ ብእኡ ሕለፉ በሎ። ሙሴ ኸኣ *ነቲ ባሕሪ ብበትሪ ወቒዑ ናብ ክልተ መቐሎ፡* እስራኤላውያን ከኣ ኩሎም ምስ ዘለዎም ዅሉ በቲ ባሕሪ ተሳገሩ፡ ግብጻውያን ግና ኣስኣሰሮም በቲ ንቑጽ ባሕሪ ኪሰግሩ ምስ ፈተኑ እቲ ማይ ተመሊሱ፡ ኣብኡ ጥሒሎም ሞቱ።

## እግዚኣብሄር ኣምላኽ

ኣምላኽ ድማ ንእስራኤላውያን ከም ህዝቢ ፈሊጡ፡ ናይቲ ህዝቢ'ቲ ኣምላኽ ኪኸውን መረጸ።

> *"ህዝበይ ክትኮኑ ድማ እወስደኩም፡ ኣምላክ ከኣ እኹነኩም ካብ ትሕቲ እቲ ከቢድ ዕዮ ግብጻውያን ዘውጽኣኩም ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከም ዝኰንኩ ድማ ክትፈልጡ ኢኩም" (ዘጽ.6፡7)።*

ኣምላኽ ከም እግዚኣብሄር (ማለት ከም ኣምላኽ ህዝቢ) ኰይኑ ኣብ እስራኤል ተፈልጠ፡ ካብቲ ንእስራኤላውያን ብመገዲ ሙሴ ካብ ዚግለጸሎም ኣትሒዙ ኸኣ ከም እግዚኣብሄር፡ ንህዝቢ እስራኤል ኣምላኾም ኮነም። ከምቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ድማ ባሕሪ መቒሉ ብንቑጽ ምድሪ ባሕሪ ኣሕለፎም። ብድሕሪኡ'ውን ከም እግዚኣብሄር ኣብ ማእከሎም ተገሊጹ ነበረ።

***ንባብ፡ ዘጸ.1-15***

- እቲ ኣብ በረኻ ዝጸንሖም ማይ ምስ መረሮም ኣምላኽ ከኣ ነቲ ማይ ኣመቀረሎም (ዘጸ.15፡22-25)

- *ኣምላኽ ዚበልዕዎ፡ ማና ዚበሃል እንጌራ ካብ ሰማይ ኣዝነመሎም* (ዘጸ.16፥1-36)። *ንኣርበዓ ዓመት ከኣ ካብ ሰማይ ብዝወረደ እንጌራ መገቦም።*
- ዚሰትይዎ ማይ ምስ ሰኣኑ፡ ካብ ከውሒ ማይ ኣፈልፈለሎም (ዘጸ.16፥1-7)።
- ደኺሞም ከለዉ ኣማሌቃዉያን ምስ ተዋግእዎም ኣምላኽ ዓወት ሃቦም (ዘጸ.16፥8-13)።
- ንህዝቢ እስራኤል *ዓሰርተ **ትእዛዛት** ሂብዎም*። እቲ ትእዛዛት ድማ ከምዚ ዚስዕብ ነበረ።

*1. ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይሃልዉኻ። ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፡ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፡ ምስልን ስእሊ ዘበለን ንኣኻ ኣይትግበር። ኣይትሰገደሎምን ኣይተገልግሎምን ድማ።*
*2. ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል*
*3. መዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘክር። ሽድሽተ መዓልቲ ዕዩ፡ ተግባርካ ኹሉ ግበር። እታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ግና ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሰንበት እያ። ብእኣ ንስኻን ወድኻን ጓልካን ግዙእካን ግዝእትኻን ማልካን ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ዚነብር ስደተኛን ገለ እኳ ዕዮ ኣይትዕየ።*
*4. ኣብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ዕድሜኻ ምእንቲ ኪነውሕ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር*
*5. ኣይትቕተል*
*6. ኣይትዘሙ*
*7. ኣይትሰረቕ*
*8. ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር*
*9. ሰበይቲ ብጻይካ ኣይትተምነ*
*10. ቤት ብጻይካ፡ ግሩቱ ወይ ግዙኡ ወይ ግዝእቱ ብዕራዩ ወይ ኣድጉ ወይ ናይ ብጻይካ ዘበለ ኩሉ ኣይትተምነ (ዘጸ.19፥1-20፥17; ዘዳ.5፥7-21)።*

ኣምላኽ ከም እግዚኣብሄር ምስ ሙሴን ምስ ህዝቢ እስራኤልን ከመይ ከምዝነበረ ብኸመይ ከም እተገልጸን ኣርባዕቲኡ መጻሕፍቲ ኦሪት (ኦሪት ዘጸኣት፡ ዘሌዋዉያን፡ ዘሁልቍ፡ ዘዳግም) የዘንትዉ እዮም። ስለዚ እዞም ኣርባዕተ መጻሕፍቲ ንእግዚኣብሄር መን ምዃኑ ኣጕሊሖም ስለ ዜርእይዎ ምንባቦም ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ።

### 3. ኣምላኽ እያሱን ህዝቢ እስራኤልን

እያሱ እቲ ሆሼዓ ዚበሃል ዝነበረ፡ ሙሴ እያሱ ኢሉ ስም ዘውጽኣሉ ካብ ነገድ ኤፍሬም ዝኾነ እስራኤላዊ ሰብኣይ እዩ (ዘሁ.13፥16)። ብንእሽቶኡ ኸኣ ምስ ሙሴ ኣብ ማሕደር ኣምላኽ እዩ ዓብዩ። ድሕሪ ሞት ሙሴ መሪሕነት እስራኤል እተረከበ ድማ ንሱ እዩ (ዘዳ.34፥5-9)።

እግዚኣብሄር ብመሪሕነት ኢያሱ ኣብ እስራኤልን ኣብ ከባቢኦምን ዓበይቲ ነገራት'ዩ ጌሩ።

- እስራኤላዉያን፡ እቲ ብርቱዕ ወሓዚ ሩባ ዮርዳኖስ ብተኣምራት ኣምላኽ ኩሎም ሰጊሮሞ። (ኢያ.3፡1-16)።
- ዕርድቲ ከተማ ያሪኮ ብተኣምራት እግዚኣብሄር ፈሪሳ ኣብ ቁጽጽር እስራኤላዉያን ኣትያ (ኢያ.6)።
- ጠቕላል ሰላሳን ሓደን (31) ነገስታት ኣህዛብ ብመሪሕነት እያሱ ብእስራኤል ተሳዕሩ፡ እስራኤል ድማ ምድሮም ወረሱ (ኢያ.12፡7-24)።

## 4. ኣምላኽ እስራኤል ምስ መሳፍንቲ እስራኤል

ኣብ መጽሓፍ መሳፍንቲ እንተደኣ ኣንቢብና፡ ብድሕሪ ሞት እያሱ በብግዜኡ ይትንስኡ ዝንበሩ መሳፍንቲ፡ ንህዝቢ እስራኤል ይመርሑ ነበሩ። ካብዚኣቶም ጊዴዎንን ሲምሶንን ኪጥቀሱ ይከኣል።

**ጊዴዎን፡** ብእግዚኣብሄር ንእስራኤል ካብ ኢድ ሚድያን ኬድሕኖም እተላእከ እዩ። ብሰለስተ ሚእቲ ሰብኣይ ጌሩ ከኣ ንበዘለዉ ሚድያናዉያን ሰዓሮም (መሳ.6፡7-7፡25)።

**ሲምሶን፡** ሲምሶን ብእግዚኣብሄር ተላኢኹ ንእስራኤል ካብ ኢድ ፍልስጥኤማዉያን ምድሓኖም ኪጅምር እተጸውዔ እዩ። ንሱ ኸኣ ንፍልስጥኤማውያን ከም ዘሸበሮም መጽሓፍ መሳፍንቲ የዘንትወልና (መሳ.13፡1-16፡31)።

## 5. ኣምላኽ እስራኤል ምስ ነገስታት እስራኤል

ድሕርቲ 400 ዓመታት ዚኸዉን ግዜ ምሕደራ መሳፍንቲ፡ እስራኤል ከምቶም ካልኦት ህዝብታት ብነገስታት ኪምርሑ ጀመሩ። ብመጀመርታ ሳኦል፡ ብድሕሪኡ ዳዊት፡ ብድሕሪኡ ድማ ስለሞን ወዲ ንጉስ ዳዊት ነፍስ ወከፎም ኣኣርበዓ ዓመታት ነገሱ፡ ብዘመን ሰለስቲኦም ከኣ ኣምላክ ኣብ እስራኤል ድንቂ ዝኾነ ነገራት እናገበረ ኣብ ማእከል ህዝቡ እተፈርሄ ነበረ። ብዛዕባ'ዚ ዜዘንቱ መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ 1ይ መጽሓፍ ሳሙኤል፡ 2ይ መጽሓፍ ሳሙኤል፡ 1ይ መጽሓፍ ነገስት፡ 1ይ መጽሓፍ ዜና መዋእል እዩ። ብድሕሪ ስለሞን'ዉን ኣብ እስራኤልን ኣብ ይሁዳን ብዙሓት ነገስታት ነጊሶም እዮም። ኣምላክ ከኣ ኣምላክ ህዝቢ እስራኤል ማኺን ኣየቋረጸን።

**6. ኣምላኽ እስራኤል ምስ ነብያት እስራኤል**

**እግዚኣብሄር በብዘመኑ ኣብ እስራኤል ኣዝዮም ብዙሓት ነብያት ኣተንሲኡ እዩ። እቶም እግዚኣብሄር ዘተንስኦም ነብያት ከኣ ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ቃል ተቐቢሎም ንህዝቢ እስራኤል ይነግሩ ነበሩ። እግዚኣብሄር ነዞም ነብያት እዚኣቶም ብዙሕ ተኣምራታት ይገብረሎም ነበረ። ከም ኣብነት እቶም ኣብ 1ይን 2ይ መጽሓፍቲ ነገስታት ብሰፊሑ ተጠቒሶም ዘለዉ ነቢይ ኤልያስን ኤልሳእን ከምኡ'ዉን ነቢይ ዳንኤል ኪጥቀሱ ይከኣል።**

**ኣብነት፥**

- *ነቢይ ኤልያስ*
  1. **እግዚኣብሄር ኳኽት ኪምግብዎ ኣዚዝሉ**
  2. **ሒደት ዘይትን ሓርጭን ከይትወድኤ ንስለስተ ነፍሳት ከም ዚምግብ ገበረ**
  3. **ምዉት ቈልዓ - ካብ ሞት ኣተንስኤ (1ነገ.17 ወዘተ)።**
- *ነቢይ* **ኤልሳእ**

  **ኣገልጋሊ ኤልያስ'ዩ ኔሩ፥ ንሱ'ዉን ትእምርትን ተኣምራትን ይገብር ነበረ (2ዜና.4 ወዘተ)**
- **ነቢይ ዳንኤል**

  **ሕልምታት ይፈትሕ ነበረ። ሓደ ጊዜ ኸኣ ኣምላኽ ካብ ኣፍ ኣናብስ ኣድሓኖ (ትንቢት ዳንኤል ብምልኡ ኣንብብ)።**

# ፫ - ዘልኣለማዊ ህይወት ሰብ

ኣብ መባእታ ከም ዝረኣናዮ እግዚኣብሄር ኣምላኽ "ጻድቕ ፈራዲ" እዩ። በቲ ጻድቕ ፍርዲ ግና ንሰብ ካብ ገነት ማለት ካብ ህላዌ ኣምላኽ ከም ዝሰጐጎን ሰብ ከኣ ከምቲ ኣምላኽ ኣቐዲሙ ኣጠንቂቕዎ ዝነበረ ሞት ከምዝሞተን መጽሓፍ ቅድስ ይነግረና። ብሰንኪ እቲ ኣዳም ዝገበሮ ሓጢኣት ክልተ ዓይነት ሞት ናብ ኩሉ ሰብ መጺኡ፣

1. **መንፈሳዊ ሞት፣**

   መደብ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሰብ እንታይ'ዩ ኔሩ እንተ ኢልና፣ ኣምላኽ ንሰብ ዘልኣለማዊ ህይወት ሃልይዎ ንዘልኣለም ኪነብር እዩ መዲቡሉ ኔሩ። ዘልኣለማዊ ህይወት ከኣ ብጽድቅን ብቕድስናን ዚንበር ህይወት እዩ። እቲ ንኣምላኽ ዘለዎ ህይወት ዘልኣለማዊ ህይወት እዩ፣ ስለዚ ኣምላኽ እቲ ንሱ ዝፈጠሮ ሰብ ከም ናይ ኣምላኽ ዝበለ ህይወት ሒዙ ኪነብር'ዩ መደቡ ዝነበረ። እዚ ግና ብስንኪ ናይ ሰብ ሓጢኣት በርዒኑ፣ ሰብ መንፈሳዊ ሞት መይቱ።

2. **ስጋዊ ሞት፣**

   ኣምላኽ ሰብ ግሩም ስጋ ሒዙ ብስጋ ከይሞተ ኪነብር'ዩ መዲቡ ኔሩ። ሰብ ሓጢኣት ምስ ገበረ ግና ንሰብ፣ መሬት ኢኻ እሞ ናብ መሬት ድማ ክትምለስ ኢኻ በሎ (ዘፍ.3፣19)። እዚ ኸኣ ሰብ ስጋዊ ሞት ድማ ኪመውት ምኽኑ እዩ ዚገልጽ። ሰብ ስጋዊ ሞት ምስ ሞተ እቲ ኣብ ሰብ ዝነበረ ማለት ኣብ ስጋኡ ሓዲሩ ዝነበረ ነፍስን መንፈስን ካብኡ ወጺኡ ስጋ በይኑ ይተርፍ። እቲ በይኑ ዝተረፈ ስጋ ኸኣ ንሱ መሬት እዩ። ንሱ ኸኣ እዩ እቲ ዚቕበርን ናብ መሬት ዚምለስን።

## ደረጃታት መንፈሳዊ ሞት

1. ቅድሚ ስጋዊ ሞት

ሰብ ካብ ዚጥነስ ኣትሒዙ ሓጥእ ምኳኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። "ኵሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽ'ውን ሲኢኖም" ሮሜ.3፣23። ብመሰረቱ ግና እግዚኣብሄር ንሰብ ክብሪ ሂብዎ ኔሩ እዩ። እንተኾነ ሰብ ብሰንኪ ሓጢኣቱ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝነበሮ ክብሪ ኣጥፊኡ ሕሱር ኰይኑ። ኣዳም ሓጢኣት ምስ ገበረ ኸኣ ብቕጽበት መንፈሳዊ ሞት መይቱ። እዚ ኣብ ኣዳም እተራእየ ሓይሊ ሞት ግና ኣብ ኣዳም ጥራሕ ኣየብቅዔን፥ መጽሓፍ ቅዱስ "ኩሎም ሓጢኦም" እዩ ዚብል።

**'ኩሎም' ማለት 'ዚተርፍ የልቦን' ማለት'ዩ። እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን እንተ ኢልና** ኸኣ **መልሲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ።**

**"ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣት'ዉን ሞት፡ ኩላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ።... ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ሓጢኣት ዘይገበሩ'ውን ሰልጠነ፡ ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ እዩ።" (ሮሜ.5፡12-14)።**

**እዚ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ'ዚ ብሰሪ ሓጢኣት ኣዳም፡ ኩሉ ሰብ ሓጥእ ከምዝኾነ እዩ ዚነግረና።**

***" ከምኡ'ውን ተጽሒፉ ኣሎ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን።..." (ሮሜ.3፡10)።***

**ኣብዚ እምበኣር ኩሉ ሰብ ሓጥእ ምኳኑ ኣሉ ኪበሃል ዘይከኣል ሓቂ ምኳኑ ኢና ንርኢ። *"ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ...."* (*ሮሜ.6፡22)።***

**ሰብ እምበኣር ካብ ዝጥንስ ኣትሒዙ** ብባህሪኡ **ሓጥእን በደለኛን ስለዝኮነ መንፈሳዊ ሞት መይቱ ከምዘሎ እዩ ዚቕጽር።** እዚ ኸኣ እዩ እቲ ቐዳማይ ደረጃ መንፈሳዊ ሞት።

***"ንስካትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዚገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም፡ ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም።" (ኤፌ.2፡1-2)።***

**2. ድሕሪ ስጋዊ ሞት**

**እቲ ዝገደደ መንፈሳዊ ሞት** ዚበሃል **እቲ ድሕሪ ስጋዊ ሞት ዚስዕብ መንፈሳዊ ሞት እዩ። እዚ ካልኣይ ሞት ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ እዩ። ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ሰብ ክልተ መገድታት ኣንቢሩ ኣሎ። እታ ሓንቲ ናብ ህይወት እትወስድ እያ። እታ ካልኣይቲ** ኸኣ **ናብ ሞት ትወስድ።**

***"ነዚ ህዝቢ እዚ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ ክትብሎ ኢኻ፡ እንሆ ኣብ ቅድሜኹም መገዲ ህይወትን መገዲ ሞትን ኤንብር ኣለኹ።" (ኤር.21፡8)።***

***"እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ደገ ርሕብቲ፡ መገዳ'ውን ገፊሕ እያ፡ እቶም ብእኣ ዚኣትዉ ድማ ብዙሓት እዮም። እታ ናብ ህይወት እትወስድ ደገ ግና ጸባብ፡ መገዳ'ውን ቀጣን እያ፡ እቶም ዚረኽብዋ ከኣ ሒደት እዮም እሞ፡ በታ ጸባብ ደገ እተዉ።" (ማቴ.7፡13-14)።***

እታ ጸባብ መገዲ ወይ መገዲ ህይወት ተባሂላ ዘላ፥ እታ ብጽድቅን ብቕድስናን ካብ ሓጢኣት ተፈሊኻ ብፍቓድ ኣምላኽ እትንበር ህይወት እያ። እታ ገፋሕ መገዲ ወይ መገዲ ሞት ግና በንጻሩ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺእካ ብሓጢኣት ዚንበር ህይወት እዩ።

***መወዳእታ ናይዘን ክልተ መገድታት***

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ እዘን ክልተ መገድታት እታ ሓንቲ ናብ ዘልኣለማዊ ሞትን ጥፍኣትን ተብጽሕ። እዚ ከኣ ***ገሃነመ እሳት*** ይበሃል። እታ ካልኣይቲ መገዲ ኸኣ ናብ ዘልኣለማዊ ህይወትን ዕረፍትን ተብጽሕ። እዚ ኸኣ ***መንግስተ ሰማያት*** ይበሃል።

ኣቐዲምና ኣምላኽ ጻድቕ ፈራዲ ምዃኑ ርኢና ኔርና። ስለዚ ድማ ነቶም በታ መገዲ ህይወት እተመላለሱ ናብ መንግስተ ሰማያት ኪኣትዉ ይፍረደሎም። ነቶም ብመገዲ ሞት እተመላለሱ ኸኣ ናብ ገሃነመ እሳት ኪኣትዉ ይፍረደሎም።

> *"ኣብ መቓብር ዘለዉ ኵላቶም ድምጹ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፥ ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት፥ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኪወጹ እዮም፥ እሞ በዚ ኣይትደነቑ።" (ዮሃ.5፥28-29)።*

ኣብ መንግስተ ሰማይ ናይ ዘልኣለም ዕረፍትን ሓጎስን ሰላምን ኣሎ፥ ኣብ ገሃነመ እሳት ግና ናይ ዘልኣለም ሓዘንን ውርደትን ድኻምን ኣሎ። ዘልኣለም ኪበሃል ከሎ መወዳእታ ከም ዜብሉ ኢና ንርዳእ። ኣሽሓት ዓመታት ኣይኮነን። ሚልዮናት ዓመታት ኣይኮነን። ቢልዮናት ዓ መታት'ዉን ኣይኮነን። በዚ ሎሚ ዘሎና ምግላጽ ቋንቋ፥ እቲ ወዲ ሰብ ኪስምዮ ዚኽእል ኣሃዛት ኵሉ ምስ ዘልኣለም ኣይወዳደርን እዩ። ዘልኣለም ካብኡ ይበዝሕ፥ ፍጹም ኪቝጸርን ኪውዳእን ዘይክእል ግዜ እዩ።

እምበኣርሲ መወዳእታ ኹሉ ሰብ ብሓፈሻ ንዘልኣለምነት ኰይኑ፥ መወዳእታ ገሊኦም ሰባት ንመንግስተ ስማያት ኪኸዉን ከሎ መወዳእታ ካልኦት ሰባት ከኣ ንገሃነም እሳት እዩ። እዚ ማለት ከኣ ሰናይ ዝገበሩ ንመንግስተ ስማይ እከይ ዝገበሩ ኸኣ ንገሃነመ እሳት ይፍረዶም ማለት እዩ። ኣኣብቲ እተፈርድሎም ኣትዮም ከኣ ንዘልኣለም ይነብሩ።

*ክትረኽባ **እንተ** ኽኢልካ Heaven's Gate and Hell's flame እትብል **ፊልም ረኤ።***

# ፬ - ተስፋ እስራኤል

ኣቐዲምና ከም ዝረኣናዮ እግዚኣብሄር ካብ ኲሎም ህዝብታት፣ ንህዝቢ እስራኤል ንሳቶም ህዝቡ ኪኾኑ ንሱ ድማ ኣምላኾም ኪኸዉን ሓርይዎም እዩ። ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ኪሕልዉ ድማ ምስናይ መጠንቀቕታኡ ኪዳን ኣቈመሎም። እስራኤላዉያን ግና ካብ ምቿምቲ ኪዳን ኣትሒዞም፣ ንእግዚኣብሄር ላሕ ኣቢሎሞ እዮም። ሓንሳብ ይስዕብዎ ሓንሳብ ይዓልውዎ፣ ሓንሳብ ይቐርብዎ ሓንሳብ ድማ ይርሕቅዎ። ብዙሕ ጊዜ ሓንኪሶም፣ ብዙሕ ጊዜ ከኣ ዓልዮም። ኣምላኽ ግና ፈጺሙ ዚጥንጥን ኣምላክ ስለዘይኮነ፣ ንህዝቡ እስራኤል ፈጺሙ ኣይጠንጠኖምን። ስለዚ ድማ በብግዜኡ ኣብ መንጎኦም ቃሉ ዚነግርዎም ነብያት የተንስእ ነበረ። እቲ ካብ ነብያት ዚመጽእ ዝነበረ ቃል ከኣ ገሊኡ፣ ንንስሓን ተሓድሶን ዝጽውዕ፣ ስዉር ነገር ዚገልጽን ብዛዕባ መጻኢ ዚነግርን ነበረ። ካብቲ ብዛዕባ መጻኢ ዚነግር ዝነበረ ትንቢት ከኣ ***እቲ ንእስራኤል ተስፋ ዝሃበ ቃል*** እዩ ኔሩ። ኣምላኽ ንህዝቡ ኣብ ዳሕራይ ዘመናት ኪግለጽ ብዛዕባ ዘለዎ ሓደ ጽቡቕ ተስፋ ኣተስፊዎም። *እቲ ተስፋ ኸኣ ተስፋ ኸበረ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዓቢ ተስፋ እስራኤል ብዛዕባ ምጽኣት መሲሕ ማለት ክርስቶስ ወይ ቅቡእ እዩ ኔሩ።* ተስፋ እትጽበዮ ነገር ስለዝኾነ ካብቲ እዚ ናይ መሲሕ ተስፋ ንመጀመርታ ጊዜ ካብ ዚስማዕ ኣትሒዞም፣ እቶም ፍርሃት እግዚኣብሄር ዝነበሮም ወገን እስራኤል፣ ኣብ ኲሉ ዘመናት ነዚ ተስፋ እስራኤል እዮም ዚጽበዩ ዝነብሩ። ነብያት ከኣ ብዛዕባ ኣመጻጽኣኡን፣ ምስ መጸ ዚገብሮ ተግባራቱን ተነበዩ።

*እግዚኣብሄር ንባርያኡ ሙሴ፣ "ከማኻ ዝበለ ነብዪ ካብ ማእከል ኣሕዋቶም ከተንስኣሎም እየ፣ ቃለይ ከኣ ኣብ ኣፉ ከንብር እየ፣ ንሱ ድማ ዝኣዘዝክዎም ኲሉ ኪነግሮም እዩ። ይኸዉን ከኣ፣ ነቲ ብስመይ ዚዛረቦ ዘርባይ ዘይሰምዕ ሰብ፣ ኣነ ካብኡ ክደልዮ እየ።" በሎ (ዘዳ.18፡18-19)።*

*"ህጻን ተወሊዱልና፣ ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ፣ እቲ ግዝኣቱ ኸኣ ኣብ መንኲቡ እዩ፣ ስሙ'ዉን ግሩም፣ መካር፣ ብርቱዕ ኣምላኽ ፣ ኣቦ ዘልኣለም መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ።" (ኢሳ.9፡6)።*

*"ስለዚ እግዚኣብሄር ባዕሉ ትእምርቲ ኪህበኩም እዩ፣ እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲ ከኣ ክትወልድ እያ፣ ስሙ'ዉን ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ።" (ኢሳ.7፡14)።*

*ግናኸ፡ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤት ልሄም ኤፍራታ፡ እቲ ምውጻኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘልኣለም ዝኾነ፡ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዚኸዉን ካባኺ ኪወጸለይ እዩ።" (ሚክ.5፥1)።*

ብዘሎ እስራኤል፡ 'መሲሕ ማለት ክርስቶስ ኪመጽእ እዩ፡' ኢሎም ይኣምኑ ነበሩ። እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ትንቢት ካብ ዚመሓላለፍ ከኣ ኣማኢት ዓመታት ሓሊፉ ነበረ። እስራኤላዉያን ከኣ መሲሕ ኪመጾም ይጽበዩ ነበሩ። መሲሕ ድማ ካብ እግዚኣብሄር ተላኢኹ እዩ ኪመጽእ ኔርዎ። ስለዚ ኸኣ ጊዜኡ ብኣምላኽ ምስ ተወድኤ ከምቲ እቲ ትንቢት ኣተስፍይዎ ዝነበረ ኮይኑ መጸ።

*"ብሳድሰይቲ ወርሒ ገብርኤል መልኣኽ ናብ ናዝሬት እትብሃል ዓዲ ገሊላ ናብ ሓንቲ ድንግል ካብ ኣምላኽ ተላእከ። ንሳ ንዮሴፍ ዚበሃል ሰብኣይ ካብ ቤት ዳዊት እተሓጸየት እያ፡ ስም እታ ድንግል እቲኣ ኸኣ ማርያም እዩ። እቲ መልኣኽ ናብኣ ኣትዩ፡ ኣቲ ምልእቲ ጸጋ እግዚኣብሄር ምሳኺ እዩ እሞ ባህ ይበልኪ፡ ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ኢኺ፡ በላ። ንሳ ምስ ረኣየቶ በቲ ዘረባኡ ሰምበደት እዚ ከምዚ ዝበለ ሰላምታስ እንታይ ኮን ይኸውን ኢላ'ውን ሓሰበት። እቲ መልኣኽ ከኣ በላ፡ "ማርያም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ ኣይትፈርሂ። እንሆ ክትጠንሲ ወዲ'ውን ክትወልዲ ስሙ ኸኣ የሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ። ንሱ ዓብዩ ኪኸውን፡ ወዲ ልዑል'ውን ኪበሃል እዩ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ዝፋን ኣቦኡ ዳዊት ኪህቦ እዩ። ንሱ ኣብ ቤት ያእቆብ ንዘልኣለም ኪነግስ እዩ፡ መንግስቱ ኸኣ መወዳእታ የብላን። ማርያም ድማ ነቲ መልኣኽ፡ እዚኽ ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ ከመይ ኢሉ ኪኸዉን እዩ፡ በለቶ። እቲ መልኣኽ ከኣ መሊሱ፡ መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ሓይሊ ልዑል'ውን ኪጽልለኪ እዩ። ሰለዚ ኸኣ እቲ ዚውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ኪበሃል እዩ። እንሆ ኤልሳቤጥ እታ ዘመድኪ እኳ - ንኣምላኽ ዚሰኣኖ ነገር ስለ ዜልቦ - ኣብ እርግናኣ ወዲ ጠኒሳ ኣላ፡ ነታ መኻን እትበሃል እዚ ወርሒ እዚ ሳድሳያ እዩ፡ በላ። ማርያም ከኣ እኔኹ፡ ኣነ ባርያ እግዚኣብሄር ከም ዘረባካ ይኹነለይ በለት፡ እቲ መልኣኽ ድማ ካብኣ ሓለፈ።" (ሉቃ.1፥26-38)።*

*"ኰነ ድማ በቲ ቕነ እቲ ኵሉ ዓለም ኪጸሓፍ ካብ ቄሳር ኣውጎስጦስ ትእዛዝ ወጸ። እዚኣ እታ ቀሬኔዎስ ኣብ ሶርያ ተሸይሙ ከሎ ዝኾነት ቀዳመይቲ ጽሕፈት እያ። ሽዑ ነፍስ ወከፍ ኪጻሓፍ ኵሉ ነናብ ዓዱ ከደ። ዮሴፍ ድማ ካብ ቤት ዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለ ዝነበረ፡ ካብ ገሊላ ካብ ዓዲ ናዝሬት ምስታ ጠኒሳ ዘላ ማርያም ሕጽይቱ ናብ ቤት ልሄም*

*እትበሃል ዓዲ ዳዊት ናይ ይሁዳ ኪጸሓፍ ደየበ። ኮነ ድማ፡ ኣብኡ ከለዉ፡ ጊዜ ሕርሳ በጽሔ። በዅሪ ወዳ ወለደት ብዓለባ'ውን ጠቕለለቶ፡ ኣብቲ ማሕደር ኣጋይሽ ስፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ።" (ሉቃ.2፡1-7)።*

*"ኪገዝርዎ ሸሞንተ መዓልቲ ምስ መልአ ድማ፡ ከምቲ መልኣኽ ኣብ ከርሲ ከይተሃንጸ ከሎ ዝሰመዮ፡ ስሙ የሱስ ኢሎም ሰመይዎ። ... እንሆ ድማ፡ ኣብ የሩሳሌም ስምኦን ዚበሃል ሰብኣይ ነበረ። እዚ ሰብኣይ እዚ ጻድቕ፡ ንኣምላኽ ዚፈርህ፡ ምጽንናዕ እስራኤል'ውን ዚጽበ ነበረ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ነበሮ። ነቲ ቅቡእ እግዚኣብሄር ከይረኣዮ ሞት ከምዘይርኢ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጹሉ ነበረ። ብመንፈስ ከኣ ናብ ቤተ መቕደስ መጸ። ነቲ የሱስ ህጻን ወለዱ ከም ልማድ ሕጊ ኪገብሩሉ ምስ ኣእተዉዎ፡ ንሱ ድማ ኣብ ኢዱ ሓቚፎ፡ ንኣምላኽ'ውን ኣመስገነ እሞ ዎ ጐይታይ፡ ነቲ ንምብራህ ኣህዛብ ብርሃን፡ ንህዝብኻ እስራኤል'ውን ክብረት ምእንቲ ኪኸዉን ኣብ ቅድሚ ኵሉ ህዝቢ ዘዳለኻዮ ምድሓንካ ኣዒንተይ ካብ ረኣያስ፡ ሕጂ ከምቲ ዘረባኻ ንባርያኻ ብሰላም ተፋንዎ ኢኻ በለ።" (ሉቃ.2፡21,25-32)።*

እግዚኣብሄር ተስፋኡ ኣይጠልምን እዩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ብነብያት ንእስራኤል ኣተስፍዩዎም ዝነበረ ነቲ - ቅቡኡ ለኣኾ። ካብ ሓንቲ ማርያም እተበሃል ድንግል ከኣ ብዘይ ተራኽቦ ሰብኣይ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተጠኒሱ ተወልደ፡ ስሙ ኸኣ የሱስ ተሰምየ፡ እዚ ከኣ መድሓኒ ማለት እዩ።

*"እቲ መልኣኽ ድማ፡ እንሆ ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ስለዘሎ - ንሱ ኸኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ - ንዅሉ ህዝቢ ዚኸዉን ዓብዪ ሓጐስ ኤበስረኩም ኣለኹ እሞ ኣይትፍርሁ። ምልክት ድማ እዚ ይኹንኩም፡ ኣብ መብልዕ ማል ብዓለባ እተጠቕለለ ህጻን ደቂሱ ክትረኽቡ ኢኹም፡ በሎም።" (ሉቃ.2፡10-12)።*

ተስፋ እስራኤል ልክዕ ከምቲ እቶም ነብያት ቅድሚ ዘመናት ተንብዮሞ ዝነበሩ መጸ። ማለት ክርስቶስ ማርያም ካብ እትበሃል ድንግል ብዘይ ተራኽቦ ሰብኣይ ኣብ ቤት ልሄም ይሁዳ ከም ሰብ ተወልደ። ዮሴፍ ከኣ ብስጋ እኳ እንተ ዘይወለዶ - ብስጋ ከም ዝወለዶ ዓይነት ኰይኑ መሰል ኣቦነት ተቐበለ።

# ክርስቶስ ዘገልገሎ ኣገልግሎትን ዘጋጠሞ ብድሆታትን

**የሱስ ንወለዱ ኣብ ዓዶም ናዝሬት፣ እናተኣዘዞም፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ብጥበብን ብቑመትን ብጸጋን ዓበየ (ሉቃ.2፥51-52)።** እቲ ዜገርም፣ **ክርስቶትስ ተወሊዱ ኣብ መንጎ ህዝቢ እስራኤል ክንሱ፣ እስራኤላውያን ግና ጌና ኣይፈለጡን ነበሩ፣ ስለዚ** ኸኣ **ኣብቲ ዮሃንስ መጥምቕ ዜጥምቐሉ ዝነበረ** ግዜ፣ **"ዮሃንስ እቲ ክርስቶስዶ ኮን ይ**ኸውን**?" ኢሎም ይሓስቡ ነበሩ (ሉቃ.3፥15)።**

**የሱስ** ክሳብ **ወዲ ሰላሳ ዓመት** ኣቢሉ ዚኸውን ንወለዱ እናተኣዘዘ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣስታት ወዲ ሰላሳ ዓመት **ምስ ኰነ ባዕሉ ኪምህር ጀመረ (ሉቃ.3፥23)።**

> ***"የሱስ ካብኡ ንነጀዉ፣ መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ ተነስሑ እናበለ ኪሰብክ ጀመረ።" (ማቴ.4፥17)።***

> ***"የሱስ ድማ ኣብ ኵላ ገሊላ፣ ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሃረ ወንጌል መንግስቲ'ዉን እናሰበኸ፣ ኵሉ ሕማምን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ኵሉ ድናሰን እናሕወየ ይዘውር ነበረ። ወሪኡ'ውን ኣብ ኵላ ሶርያ ወጸ። ንዅሎም ሕሙማት ከኣ፣ በብዓይነቱ ሕማም ዘለዎምን ሕማም ባርያ በብወርሒ ዚለዓሎምን መጻጕዓትን ናብኡ ኣምጽኡሉ ንሱ ድማ ኣሕወዮም።" (ማቴ.4፥23-24)።***

**ስለዚ የሱስ፣** 1. **ብምምሃርን**

2. **ምስባ**ኽ**ን**
3. **ምሕዋይ ሕሙማትን**
4. **ም**ው**ጻእ ኣጋንንትን**
5. **ትእምርትን ተኣምራትን ብምግባር**ን **ከም ዘገልገለ ንርኢ ኣሎና። ብዙሕ** ግዜ **ምሂሩ፣ ብዙሕ** ግዜ **ድማ ሰቢ**ኹ**። ብዙሕ** ግዜ **ሕሙማት ኣሕዊዩ - ኤረ ምዉታት'ዉን ኣተንሲኡ - ብዙሕ** ግዜ **ከኣ ኣጋንንቲ ካብ ሰባት ኣዉጺኡ ከምኡ ድማ በብዓይነቱ ትእምርትን ትእምርትታትን ገበረ።**

**የሱስ ዝመሃሮን ዝሰበ**ኾ**ን፣ ንሱ ዘሕወዮምን ኣጋንንቲ ዘዉጽኣሎምን፣ ዝገበሮ ተኣምራትን፣ ኣብ ኣርባዕተኡ ወንጌላት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ተዘንቲዩ ኣሎ፣ ስለዚ ብወንጌል ሉቃስ ጀሚርካ ንኣርባዕቲኡ ወንጌላት ናይ ግዲ ምንባብ የድሊ።**

**የሱስ ንሰለስተ ዓመት መመላእታ ኣገልጊሉ፣ ካብ ኣይሁድ ከኣ ብዙሓት ስዓብቲ ረኺበ። ካብ መንገዶ እቲ ህዝቢ ግና፣ "ፈሪሳዉያንን፣ ጸሓፍትን፣ መምህራን ሕግን፣ ሊቃነ ካህናትን፣ ካልኦትን ኣንጻሩ ተላዒሎም ይቃወምዎ ነበሩ። ኪቐትልዎ'ዉን ይደልዩ ነበሩ። ኣብ ትንቢት ከኣ ክርስቶስ ኪስቀል ምኳኑ እዩ ዜዘንቱ።**

***"ኣኽላባት ኪቢቦሙኒ፣ ኣኼባ ገበርቲ እከይ ኣማእኪሎሙኒ፡፡ ነእዳወይን ነእጋረይን ሸንኪሮምዎ እዮም እሞ ..." (መዝ.22፥16)።***

## ስቓይ ክርስቶስ

**የሱስ ካብቶም ዚስዕብዎ ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቱ "ሃዋርያት" ኢሉ ዝሰመዮም ዓሰርተዉ ክልተ ሰባት ፈልዩ ነበረ። ካብዞም 12 ሃዋርያት የሱስ ከኣ ሓደ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ዚበሃል ነበረ።**

***"ሽዑ ሉቃውንቲ ካህናትን ጸሓፍትን ዓበይቲ ህዝብን ኣብ ኣዳራሽ ቀያፋ ዚበሃል ሊቀ ካህናት ተኣከቡ፣ ንየሱስ ብተንኮል ኪሕዝዎን ኪቐትልዎን ድማ ተማኸሩ" (ማቴ.26፥3-4)።***

**"ሽዑ ካብቶም ዓሰርተዉ ክልተስ ሓደ፣ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ዚበሃል ናብ ሊቃውንቲ ካህናት ከይዱ፣ ኣነ ንኣኻትኩም ኣሕሊፈ ክህቦስ እንታይ ትህቡኒ፣ በሎም። ንሳቶም ከኣ ሰላሳ ቕርሺ መዘኑሉ። ካብኡ ሒዙ ኣሕሊፉ ኪህቦ ምሹእ ግዜ ይደሊ ነበረ።" (ማቴ.26፥14-16)።**

**"ብድሕር'ዚ ይሁዳ ካብ ሊቃውንቲ ካህናትን ዓበይቲ ህዝብን ብዙሓት ሰብ ኣሳይፍን ኣባትርን ዝሓዙ ሒዙ መጸ። ንየሱስ ከኣ ኣትሓዞ። ንየሱስ ከኣ ሓዝዎ። (ማቴ.26፥47-56)።**

**"ድሕርዚ ኣብ ገጹ ጡፍ በሉሉ። ገሊኦም ድማ ጸፍዕዎ፣ ዎ ክርስቶስ መን እዩ ዝወቕዓካ እስኪ ተነበየልና እናበሉ ወቕዕዎ።" (ማቴ.26፥67-68)።**

**ሽዑ (ጲላጦስ እቲ ሹም) ንበርባን ፈትሓሎም። ንየሱስ ግና ገሪፉ ኪሰቀል ኣሕሊፉ ሃቦም።" (ማቴ.27፥26)።**

**የሱስ ኣብ ኢድ እቶም ተጻረርቱ - ኣይሁድ ኪወድቕ ማለት ኪተሓዝ ከሎ - እቲ ምትሓዝ ንዕኡ ሃንደበት ኣይነበረን። ኣቐዲሞም ጽሑፋት ነብያት ዜዘንትዉዎ ዝነበሩ እዩ ኣጋጢምዎ። እዚ ኹሉ ካብኡ እተሰወረ ኣይነበረን። ነቲ ዜጋጥም ኩሉ ይፈልጦ ኔሩ እዩ። ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ከም ዚመውት ከኣ ኣቐዲሙ ተዛሪቡ ነበረ።**

*“ኮነ ድማ፡ የሱስ እዚ ነገር'ዚ ኵሉ ምስ ወድኤ ንደቀ መዛሙርቱ በሎም ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ፋስጋ ምዃኑ ትፈልጡ ኣሎኹም። ንወዲ ሰብ ድማ ኪስቀል ንህዛብ ኣሕሊፎም ኪህብዎ እዮም።” (ማቴ.26፥1-2)።*

የሱስ ናብ ሞት ዜብጽሕ በደል ፍጹም ኣይተረኽቦን ንሱስ ንጹህን ጻድቕን እዩ ኔሩ። ኣይሁድ ከኣ ብተንኰል ደኣ እምበር በደል ስለ ዝረኸቡሉ ኣይኮኑን ኪቕትልዎ እተማከሩ። ከሲሶም ኣብ ቅድሚ እቲ ኪፈርዶ ስልጣን ዝነበሮ ጲላጦስ እተባህለ ሹም ምስ ኣምጽእዎ፡ እቲ ሹም በደል ዚበሃል ኣይረኸበሉን።

*“ጲላጦስ ዘይምብዛሕ ጫውጫው እምበር፡ ገለ እኳ ከም ዘይጠቅም ምስ ረኣየ ማይ ወሲዱ፡ ኣነ ካብ ደም **እዚ ጻድቕ እዚ** ንጹህ እየ ባዕላትኩም ፍለጡ እናበለ ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ኣእዳዉ ተሓጸበ።” (ማቴ.27፥24)።*

*“ጲላጦስ ግና ንሊቃዉንቲ ክህናትን ንዓበይትን ንህዝብን ብሓባር ጸዊዑ፡ ነዚ ሰብኣይ እዚ፡ ንህዝቢ የስሕት ኣሎ ኢልኩም ናባይ ኣምጺእኩምዎ እንሆ ኣብ ቅድሜኹም መርሚረዮስ በዚ እትኸስዎ ዘለኹም ነገር ኣብዚ ሰብኣይ እዚ ሓንቲ በደል ኣኳ ኣይረኸብኩን። ሄሮድስ'ዉን ከምኡ ንሱ መሊሱ ናባና ሰዲድዎ እዩ እሞ፡ እንሆ ናብ ሞት ዜብጽሕ ነገር ሓንቲ ኣኳ ኣይገበረን።” (ሉቃ.23፥13-15)።*

የሱስ እምበኣር ከምዚ ጽሑፋት ዚምስክሩሉ ዘለዉ ኣበሳ ዝበሃል ወይ ዝኾነ ዓይነት በደል ኣይተረኽቦን። ኣይሁድ ከኣ ንሞት እተኸዉን ምኽንያት ሓንቲ እኳ ኪረኽቡሉ ኣይከኣሉን (ግሃ.13፥28)። “ግናኽ ክርስቶስ መከራ ከምዚረክብ ኣምላኽ ቅድም ብኣፍ ኵላቶም ነብያት ከም ዝነገሮ ከምኡ ፈጸሞ።” (ግሃ.3፥18)።

### ስቕለት ክርስቶስ

ከምቲ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ዘሎ ክርስቶስ ኪስቀል ምዃኑ ቅዱስ ዳዊት ተነብዩ ኔሩ እዩ። ከምኡ'ዉን እቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ዝሰቐሎ ተመን፡ ናይ ስቕለት ክርስቶስ መተንባህታ እዩ ኔሩ። የሱስ ባዕሉ'ዉን ብዛዕባ ስቕለቱ ኣቐዲሙ ተዛሪቡ ኔሩ እዩ።

*“ብእኡ ዚኣምን ኵሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግባእ እዩ።” (ዮሃ.3፥15)።*

*"ንኽልተ ካልኦት ገበርቲ ኽፉእ'ውን ምስኡ ኪስቀሉ ኣምጽእዎም። ቀራንዮ ኣብ እትበሃል ስፍራ ምስ በጽሑ፡ ኣብኣ ሰቐልዎ። ነቶም ገበርቲ ክፉእ ከኣ፡ ሓደ ብየማኑ ሓደ'ውን ብጸጋሙ ሰቐልዎም።" (ሉቃ.23፥32-33)።*

**ሞትን ቀብርን ክርስቶስ**

*"ካብ ግዜ ሳድሰይቲ ሰዓት ኣቢሉ ክሳዕ ታስዓይቲ ሰዓት ኣብ ኵላ እታ ምድሪ ጸልማት ኰነ፡ ጸሓይ ጸልመተት፡ መጋረጃ ቤት መቕደስ ኣብ ክልተ ተተርተረ። የሱስ ብዓብዪ ድምጺ ኣቦይ ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኤማዕቍባ ኣለኹ፡ ኢሉ ጨርሔ። እዚ ምስ በለ ነፍሱ ወጸት።" (ሉቃ.23፥44-46)።*

*"እንሆ የሴፍ ዝስሙ መኽሪ ብዓል ኣርማትያስ ከተማ ኣይሁድ ሕያዋይን ጻድቕን ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ንመንግስቲ ኣምላኽ ደኣ ይጽበያ ነበረ እምበር ኣብቲ ምኽሮምን ግብሮምን ኣይተጸምበረን። ንሱ ናብ ጲላጦስ ከይዱ ስጋ የሱስ ለመኖ። ኣውሪዱ ብበፍታ ገነዞ ሰብ ኣብ ዘይተቐብሮ ኣብ ውቕሮ መቓብር ከኣ ኣእተዎ።" (ሉቃ.23፥50-53)።*

**ትንሳኤ ክርስቶስ**

ክርስቶስ ተቐቢሩ ኣብ መቓብርን ኣብ ሲኦልን ከም ዘይተርፍ ዳዊት ብመዝሙር ጌሩ ተነብዩ ኔሩ እዩ።

*"ንእግዚኣብሄር ኩሉ ጊዜ ኣብ ቅድመይ ገይረዮ፡ ብየማነይ ስለዝኾነ ኣይክናወጽን እየ። ንነፍሰይ ኣብ ሲኦል ኣይትሓድጋን ቅዱስካ'ውን ጥፍኣት ኪርኢ ኣይትፈቅድን ኢኻ እሞ፡ ስለዚ ልበይ ይሕጐስ፡ ክብረይ እልል ይብል ስጋይ'ውን ኣብ ጽኑዕ ኪሓድር እዩ።" (መዝ.16፥8-10)።*

ዳዊት ነዚ ብዛዕባ ክርስቶስ እዩ ተነብይዎ (ግሃ፥22-32)፡ የሱስ ባዕሉ'ውን እናኣገልገለ ከሎ ንደቀ መዛሙርቱ ካብ ምዉታን ኪትንስእ ምዃኑ ኣቐዲሙ ነጊርዎም ኔሩ እዩ።

*"ካብ ሽዑ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ የሩሳሌም ኪድይብ ብዓበይትን ብሊቃውንቲ ካህናትን ብጸሓፍትን ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኪጸግብ፡ ኪቕተል ብሳልሰይቲ መዓልቲ'ውን ኪትንስእ ከም ዚግባእ፡ ኪገልጸሎም ጀመረ።" (ማቴ.17፥21)።*

**የሱስ ምስ ተቐብረ፣ ሊቃውንቲ ካህናትን ፈሪሳዉያንን - ኣብ ሳልሳይቲ መዓልቲ ክይትንስእ ስግኣት ሓዞም፣ ንጽባሒቱ ከኣ ሓደ ስጉምቲ ወሰዱ።**

*"ንጽባሒቱ ድሕርታ ምድላው እትውዕል መዓልቲ፣ ሊቃውንቲ ካህናትን ፈረሳዉያንን ናብ ጲላጦስ ተኣኪቦም ጐይታይ፣ እቲ መስሓቲ ብህይወቱ ኸሎ፣ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ክትንስእ እየ፣ ከም ዝበለ ዘከርና። ስለዚ ደቀ መዛሙርቱ ብለይቲ መጺኦም ከይሰርቅዎ እሞ፣ ንህዝቢ ካብ ምዉታት ተንሲኡ ከይብሉ ካብታ ቀዳመይትስ እታ ድሕረይቲ ስሕተት ከይትገድድ እቲ መቓብር ክሳዕ ሰለስተ መዓልቲ ኪሕሎ ኣዝዝ በልዎ። ጲላጦስ፣ ሓለዉቲ እነዉልኩም፣ ኬድኩም ከም ፍልጠትኩም ኣጽኒዕኩም ሓልዉ፣ በሎም። ከይዶም ነቲ መቓብር ኣጽንዕዎ ነቲ እምኒ ድማ ምስቶም ሓለዉቲ ኮይኖም ማሕተም ገበሩሉ።" (ማቴ.27፥62-66)።*

*"(እተን ካብ ገሊላ ምስኡ ዝመጸ ኣንስቲ) በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን እቲ ዘዳለዎኦ ሽቱ ሒዘን፣ ካልኦት'ውን ምሳታተን ኣንጊሄን ናብቲ መቓብር መጻ። እቲ እምኒ ኸኣ ካብቲ መቓብር ተገልቢጡ ረኸባኦ። ኣብኡ ኣትየን ከኣ ስጋ ጐይታና የሱስ ኣይረኸባን። ኮነ ድማ ብዛዕባ'ዚ ኪግረማ ኸለዋ፣ እንሆ ብርቕርቕ ዚብል ክዳውንቲ እተኸድኑ ክልተ ሰብኣይ ኣብ ቅድሚኤን ደው በሉ። ፈሪሄን ገጸን ናብ ምድሪ ምስ ኣድነና ኸኣ፣ ንሳቶም ንምታይከ ነቲ ህያው ኣብ ማእከል ምዉታት ትደልያኦ ኣሎኸን፣ ንሱስ ተንሲኡ ኣብዚ የሎን። ነቲ ኣብ ገሊላ ኸሎ፣ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ኪወሃብን ኪሰቀልን ብሳልሰይቲ መዓልቲ ኪትንስእን ብግዲ እዩ፣ ኢሉ ዝነገረክን ዘክራኦ በልወን።" (ግሃ.2፥24)።*

## ዕርገት ክርስቶስ

*"(የሱስ ድሕሪ ትንሳኤኡ) ንኬፋ ድሓር'ውን ነቶም ዓሰርተው ክልተ ተራእየ፣ ድሕሪኡ ዚበዝሑ ካባታቶም ክሳዕ ሎሚ ዘለዉ፣ ገሊኣቶም ግና ደቂሶም ዘለዉ፣ ካብ ሓምሽተ ሚእቲ ንዚበዝሑ ኣሕዋት ብሓንሳእ ተራእየ።" (1ቆረ.15.5-6)።*

*"ንወጻኢ ድማ ክሳዕ ቢታንያ ወሰዶም፣ ኢዱ ኣልዒሉ'ዉን ባረኾም፣ ኮነ ድማ ኪባርኾም ከሎ ካባታቶም ተፈልየ ናብ ሰማይ'ውን ዓረገ።" (ሉቃ.24፥50-51)።*

*"... እናረኣይዎ ዐረገ፣ ካብ ኣዒንቶም ከኣ ደበና ተቐበለቶ" (ግሃ.1፥9)። ሕጂ ኸኣ ክርስቶስ ኣብ ሰማያት ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጡ ኣሎ። (ግሃ.2፥33, ኤፌ.1፥21)*

**ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ**

**ክርስቶስ የሱስ ሕጂ ኣብ ሰማያት ኣብ የማን እግዚኣብሄር ኣቦ ኣሎ። ከምቲ ብግርማ ንሰማያት ዝዓረገ ከኸኣ ናብዛ ምድሪ ካልኣይ ግዜ ብኽብሪ ኪምለስ - ኪመጽእ እዩ።**

> ***"ንሱ ኪዓርግ ከሎ፡ ንሳቶም ከኣ ናብ ሰማይ ገጾም ኪጥምቱ ኸለዉ፡ እንሆ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ እተኸድኑ፡ ክልተ ሰብኡት ኣብ ጥቓኦም ደዉ ኢሎም ነበሩ እሞ። ኣቱም ሰብ ገሊላ ስለ ምንታይ ናብ ሰማይ እናጠመትኩም ደዉ ኢልኩም ዘለኹም፡ እዚ ካባኻትኩም ናብ ሰማይ ዝዓረገ የሱስ፡ ከምቲ ናብ ሰማይ ኪዓርግ ከሎ ዝርኤኹምዎ ከምኡ ገይሩ ኸኣ ኪመጽእ እዩ በልዎም።" (ግሃ.1፡10-11)።***

**እምበኣርከስ እቲ ሓጥኣን ዘጋፍዕዎን ዝሰቐልዎን የሱስ፡ ሓይሊ ሞት ስዒሩ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ካብ መቓብር ተንሲኡ፡ ድሕሪ ገለ መዓልታት ንሰማያት ዓሪጉ፡ ሕጂ ኣብ የማን ግርማ እግዚኣብሄር ኣሎ። እዚ ኸኣ ኲሉ ከምቲ ቅድሚ ነዊሕ ዘመናት ነብያት ብዝዕባ ክርስቶስ ተዛሪቦሞ ከም ዝነበሩ ኮይኑ እዩ እተፈጸመ። ክርስቶስ ከኣ ግዜኡ ምስ ኣኸለ ካልኣይ ግዜ ካብ ሰማያት ኪመጽእ እዩ።**

***ነዚ ትምህርቲ (ማለት 4ይ ትምህርቲ) ተማሂርካ ምስ ወዳእካ፡ ናብቲ ዚቕጽል ትምህርቲ ቅድሚ ምሕላፍካ ወንጌል ሉቃስ ብምልኡ ኣንብቦ። ብድሕሪኡ ድማ ናብ 5ይ ትምህርቲ ቐጽል።***

# ፭ - ዕላማ መስቀል ክርስቶስ

## መእተዊ

**መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዚምህሮ ኣይሁድ ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዕንጸይቲ መስቀል እዮም ሰቒሎሞ። እቲ ኣስቓቕላ** ኸኣ **ኣብ ዕንጸይቲ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ብምሽንካር እዩ ተገይሩ።** ነዚ ብዚልከት **የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ስቕለቱ፡** ***"ብእኡ ዚኣምን ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግባእ እዩ።"*** **እናበለ ተዛሪቡ ኔሩ (ዮሃ.3፡15)።** ነዚ ናይ የሱስ ቃላት ንምርዳእ ድማ **ኣብ ብሉይ ኪዳን ገንጺልና ናይቲ ሙሴ ዝሰቐሎ ተመን ዛንታ ምንባብ ኣድላዪ እዩ።**

> ***ህዝቢ እስራኤል ካብ ግብጺ ወጺኦም ንከንኣን ኣብ ዚጐዓዙሉ ዝነበሩ እዋን ካብ ከረን ሆር ንምድሪ ኤዶም ኪዞሩ ንባሕሪ ኤርትራ ኣቢሎም ተጓዕዙ። ነፍሲ እቲ ህዝቢ ኸኣ ብመገዲ ዓቕሊ ኣጽበበት። እቲ ህዝቢ ድማ ኣብዚ እንጌራ የልቦን፡ ማይ ድማ የልቦን፡ ነዚ ፈኲሽ እንጌራ ኸኣ ነፍስና መንያቶ እያ እሞ፡ ኣብ በረኻ ክንመዉትከ ስለ ምንታይ ካብ ግብጺ ኣደየብኩምና፡ ኢሎም ኣብ ኣምላኽን ኣብ ሙሴን ተዛረቡ። እግዚኣብሄር ከኣ ዚነዱ ኣትማን ናብ ህዝቢ ሰደደ፡ ነቲ ህዝቢ ድማ ነኸስዎ። ካብ እስራኤል ከኣ ብዙሕ ህዝቢ ሞተ። ሽዑ እቶም ህዝቢ ናብ ሙሴ መጺኦም፡ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄርን ኣብ ልዕ ሌኻን ብምዝራብና ሓጢኣት ገበርና፡ እዞም ኣትማን ኬርሕቓልና ንእግዚኣብሄር ለምነልና፡ በሉ። ሙሴ ድማ ምእንቲ እቲ ህዝቢ ለመነ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ፡ ዚነድድ ተመን ንኣኻ ግበር፡ ኣብ ባላ ድማ ሰቐሎ። ኪኸዉን ከኣ እዩ እተነኽሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ፡ ኪሓዊ እዩ። ሙሴ ኸኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ ኣብ ባላ'ውን ሰቐሎ። ኰነ ኸኣ፡ ገለ ተመን ንሰብ እንተነኽሶ፡ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ምስ ዚጥምት ይሓዊ ነበረ።"***
> ***(ዘሁ.21፡4-9)።***

**እቲ ተመን ምሳሌ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኰይኑ እዩ ተሰቒሉ። ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ** ከኣ **ተመን ርጉም እዩ (ዘፍ.3፡14)። እቲ ዜገርም፡ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዘመን ብሉይ ኪዳን "...እቲ እተሰቕለ ብእግዚኣብሄር እተረግመ እዩ..." ኢሉ ኣስፊሩ ኔሩ (ዘዳ.21፡23)። ሓድሽ ኪዳን ከኣ ነዚ ቓልዚ፡** ***"...ኣብ ዕንጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ..."*** **ኢሉ ተርጒምዎ ኣሎ (ገላ.3፡13-14)። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ዕንጸይቲ መስቀል ብምስቃሉ ርጉም ኰይኑ ማለት'ዩ። እቲ**

ጽሑፍ፡ *"ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኰይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና"* ይብል (ገላ.3፡13-14)።

እዛ ዳሕረይቲ ጥቕሲ ምስታ ቅድሚኣ ዘላ ኣሕቢርና እንተ ርኢናያ ዕላማ መስቀል ክርስቶስ'ያ ትገልጸልና። *"ክርስቶስ ምእንታና መርግም ኰይኑ ካብ መርገም ሕጊ ንክሻየጠና ኢሉ'ዩ ተሰቒሉ።"* ስለዚ መስቀል ክርስቶስ ንዓና ንኺረክብ ኢሉ ዝኸፈሎ ዋጋ እዩ። ስለዚ ኸኣ'ዩ መጽሓፍ ቅዱስ፡ *"...ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም..."* ዚብል (1ቆረ.6፡20)። እቲ ኣብ መስቀል ክርስቶስ ዝኾነ ፍጻሜታት ኣብ ስለስተ መቒልካ ኪርአ ይከኣል እዩ፡-

*1. መከራ ክርስቶስ* *2. ደም ክርስቶስ* *3. ሞት (መስዋእቲ) ክርስቶስ*

ኣስዒብና ብዛዕባ'ዚ ሰለስተ ዓበይቲ ፍጻሜታት፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ትርጓሜን መልእኽቱን ንርአ።

**1. መከራ ክርስቶስ**

ብመሰረቱ ክርስቶስ መከራ ኪቕበል ናይ ግዲ እዩ ኔሩ፡ ምኽንያቱ፡ መጽሓፍ ቅዱስ፡ *"ግናኸ ክርስቶስ መከራ ከም ዚረክብ ኣምላኽ ቅድም ብኣፍ ኲላቶም ነብያት ዝነገሮ ከምኡ ፍጸሞ።"* ይብል እዩ (ግሃ.3፡18)። ልክዕ ከምቲ ጽሑፋት ነብያት ኣተንቢሆሞ ዝነበሩ ኸኣ ክርስቶስ መከራ ረኺቡ እዩ። እቲ ኣብኡ ዝወረደ መከራ ቀሊል ኣይነበረን። እቲ ንህዝቢ ዝመሃረን ናብ ኣምላኽ ዝመለሰን፡ ንህዝቢ ካብ ኲሉ ሕማሙን ድናሴኡን ዘሕወየ የሱስ፡ በቶም ዘፍቅሮም ድማ መከራን ውርደትን ስቓይን ቃንዛን ተቐበለ።

- ጡፍ ተባሂሉሉ፡ ተወቂዑ ድማ (ማቴ.26፡67-68)
- ጲላጦስ ድማ ገረፎ (ማቴ.27፡26)

ብዓቢኡ እቲ ኣብ መስቀል ኪስቀል ከሎ ዝገጠሞ ውርደትን መከራን ዘስካሕክሕ እዩ ኔሩ። ኣይሁድ ኣብ ቅድሚ ኲሎም እቶም ዚርእይዎ ዝነበሩ ክዳውንቱ ገፊፎም ዕርቃኑ ገበርዎ። እቲ ኣእዳውን ኣእጋሩን ኣብቲ ዕንጸይቲ መስቀል ብሽንካር (ብመስማር) ኪሽንከር ከሎ ዝነበረ ቃንዛ ኸኣ ቀሊል ኣይነበረን። ብእተተትዔ ኣኽሊል እሾኽ ርእሱ ኪውጋእ ከሎ ዝነበረ ቃንዛ'ውን ቀሊል ኣይነበረን። ካብ ደቂ ሰባት ክንዲ ናይ የሱስ ዝምብርታዑ ቃንዛን መከራን ዝበጽሖ ድማ ሓደ'ኳ የልቦን። ግናኸ ከምቲ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ዘሎ የሱስ መከራ ንኺቕበልሲ በደል ዚበሃል ዘይብሉ ክንሱ እዚ ኲሉ መከራ ንምንታይ እዩ በጺሕዎ እንተበልና ቅኑዕ ሕቶ እዩ። ብዛዕባ ዕላማ መከራኡ ነቢይ ኢሰይያስ ኣቀዲሙ ነጊሩ ኔሩ እዩ።

*“ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ፡ ንስቓይና ኸኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፡ ንሕና ግና ከም እተወቕዓ ̧ን ብእግዚኣብሄር ከም እተቐዝፈን ከም እተዋረደን ገርና ኣቝጸርናዮ። ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕና'ውን ብስምብራቱ ሓዊና። ኵላትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና ነፍስ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኵላትና ኣብኡ ኣውደቖ። መከራ ጸገበ፡ ርእሱ ኣዋረደ ኣፉ'ውን ኣይከፈተን፡ ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዚኸብከብ ገንሸል፡ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን። ካብ ጥቕዓትን ፍርድን ተወስደ፡ ካብ ምድሪ ህያዋን ከም እትቘርጸ ካብቶም ወለዶኡ መን ሓሰቦ? ብምኽንያት ገበን ህዝበይ ተቐዝፈ። እከይ ዘይገበረ፡ ሓሶት ከኣ ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ ክነሱስ መቓብሩ ምስ ረሲኣን ገበሩ፡ ብሞቱ ግና ምስ ሃብታም ኰነ። እግዚኣብሄር ግና ብመከራ ኪሕምሽሾ ፈተወ። ነፍሱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ምስ ወፈያ፡ ዘርኢ ኪርኢ መዓልትታቱ ኬንዉሕ እዩ፡ ፍቓድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ኢዱ ኪሰልጥ እዩ። ጻማ ነፍሱ ኪርኢ ኪጸግብዉን እዩ። እቲ ጻድቕ ባርያይ ብፍልጠቱ ንብዙሓት ኬጽድቕ ኣበሳኦም ድማ ባዕሉ ኪጸዉር እዩ። ነፍሱ ንሞት ስለዝወፈያ ምስ በደልኛታት ከኣ ስለ እተቘጽረ፡ ስለዚ ግዲኡ ምስ ዓበይቲ ክመቕሎ እዩ ምርኮ'ውን ምስ ሓያላት ኪመቅል እዩ። ግናከኸ ሓጢኣት ብዙሓት ጾረ፡ ምእንቲ በደለኛታት ከኣ ለመነ።” (ኢሳ.53፥4-12)።*

**እዚ ትንቢት እዚ ንኹሉ እቲ ናይ መስቀል ፍጻሜታት ኣጣሚሩ ዚገልጽ ትንቢት እዩ። ብፍላይ ብዛዕባ መከራ ክርስቶስ ከኣ ኣስፊሑ ተዛሪቡ ኣሎ። ነቲ ክርስቶስ ንምንታይ እዩ መከራ ኪቕበል ዘድለዮ? ዚብል ሕቶ ከኸኣ ኣነጺሩ ይምልስ።** ጽሙቕ ብዝበለ ኣቀራርብ **እቲ ምኽንያት** ከምዚ **ቐጺሉ** ተዘርዚሩ ዘሎ **እዩ።**

- *ንሕማምና ንኺጸዉር (ካባና ንኺወስዶ) እሞ ኬሕውየና*
- *ንስቓይና ወሲዱ ካብ ስቓይ ነጻ ኪገብረና*
- *ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ*
- *ንኣበሳና ኪጸውር/ ካብ ኣበሳ ናጻ ንኺገብረና*

**ነዚ ተግባራት እዚ ንኺገብር ክርስቶስ ብሰሪ ገበንና መከራ ተቐበለ። ኣብ ሰብ፡ ገበን ወይ ሓጢኣት እንተ ዘይህሉ ኔሩ ክርስቶስ ብኸምዚ ዝመጸ ኣገባብ ኪመጽእ ኣይመድለዮን። እቲ መምጽኢኡ ምኽንያት ግና ኣብ ሰብ ሓጢኣት ስለ እተረኽበ እዩ። እዚ ኣብ ሰብ እተረኽበ ሓጢኣት ከኣ እዚ ዘይበሃል መከራ ከም ዚቕበል ገበሮ። እታ ናይ መስቀል ህሞት ኣዝያ ጽንክርቲ እያ ኔራ። ምኽንያቱ እቲ ቃል፡ “እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኵላትና ኣብኡ ኣውደቖ....**

መከራ ጸገበ...." እዩ ዚብል። በዚ ኸኣ እዩ ኣቓዲሙ ካብ ደቂ ሰብ እቲ ዝበርትዔ መከራ ኣብ ክርስቶስ ከም ዝወረደ እተጠቕሰ።

ክርስቶስ እምበኣር ነቲ ሓጥእ ሰብ ካብ ሓጢኣቱ ሓራ ኣዉጺእዎ ኣሎ፣ ሕማሙ'ዉን ጸይርሉ'ሎ፣ ስቓዩ ወሲዱ ኸኣ ሰላም ሂብዎ'ዩ። ስለዚ እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚኣምን ዘበለ ካብ ኣበሳ ነጻ ኰይኑ ካብ ሕማሙ ሓዉዩ ካብ ስቓይ ነጻ ኰይኑ ብሰላም ኪነብር መሰል ተዋሂብዎ ኣሎ። በዚ ኸኣ መከራ ክርስቶስ ነዓና ጽቡቕ ነገር ከም ዘምጸኣልና ንርኢ ኣሎና። *መስቀል ናይ መርገም ቦታ እኳ እንተኮነ፣ መስቀል ክርስቶስ ግና ነዓና በረከት'ዩ ኣዉሂቡና።*

**2. ደም ክርስቶስ**

የሱስ ክርስቶስ ናብዚ ምድሪ ብስጋ ቅድሚ ምምጽኡ፣ እቲ ሓጥእ ሰብ ናብ እግዚኣብሄር ዚቐርበሉ ሓደ ኣገባብ ኔሩ እዚ ኸኣ መስዋእቲ እንስሳታት እዩ ኔሩ። ንደም ናይ'ዞም እንስሳታት ዓቢ ትርጉም ተዋሂብዎ ኔሩ።

> *"ነፍሲ ስጋ ኣብቲ ደም እዩ፣ ነታ ነፍሲ ዜተዓርቓ እቲ ደም እዩ እሞ፣ ኣነ ድማ ናብ ልዕሊ መሰውኢ ንነፍሳትኩም ኬተዓርቕ ኢለ ሃብኩኹም።" (ዘሌ.17፡11)።*

እግዚኣብሄር ንደም ከምዚ ዝበለ ዓቢ ትርጉም ስለ ዝሃቦ፣ ኣብ መልእኽቲ ናብ እብራውያን፣ "ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኵሉ ብደም እዩ ዚጸሪ፣ ብዘይ ምፍሳስ ደም'ውን ይቕሬታ ኣይከዉንን እዩ።" ይብል (እብ.9፡22)።

በዚ ምኽንያት እዚ ይቕሬታን ሕድገት ሓጢኣትን ንኺርከብ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንስለ ሕድገት ሓጢኣት፣ ደም ዝራብዓትን ደም ድቤላታትን..... ከም ዚፈስስ ይግበር ኔሩ። እዚ ኸኣ ብእግዚኣብሄር እተዋህበ ስርዓት እዩ ኔሩ። እቶም ሓጢኣት ዝገበሩ ሓጢኣቶም ተኣሚኖም እንስሳታት ንመስዋእቲ ሓጢእት ሓሪዶም ደሞም የፍስስዎ ነበሩ፣ እዚ ኸኣ ሕድገት ሓጢኣት ይህቦም፣ በቲ ደም ድማ ምስ እግዚኣብሄር ይዕረቑ ነበሩ። (ብዛዕባ'ዚ ንምርዳእ ዘሌ.4,5,16 ሰለስቲኡ ምዕራፋት ብምስትውዓል ምንባብ የድሊ።)

እዚ እተጠቕሰ ብደም እንስሳታት ዚርከብ ሕድገት ሕጢኣት ኣብቲ ቅድሚ'ቲ የሱስ ክርስቶስ ዝተኸሎ ኪዳን ዝነበረ ቀዳማይ ወይ ብሉይ ኪዳን ተባሂሉ ዚፍለጥ ይዓዩ ኔሩ። ክርስቶስ ምስ

*መጸ ግና ነቲ ቀዳማይ ኪዳን ኣእረጎ፥ ዝኾነ ናይ እንስሳ ደም ምፍሳስ ከኣ መንፈሳዊ ጠቕሚ ከም ዘይህልዎ ገበረ። ነቲ ቐዳማይ ኪዳን በቲ ብደሙ ዝተኸሎ ሓድሽ ኪዳን ተክኡ።*

*ኣብ ሓድሽ ኪዳን'ውን ሕድገት ሓጢኣት ብደም እዩ ዚርከብ፥ ግናኸ ብደም እንስሳታት ዘይኮነስ በቲ ኣብ መስቀል ዝፈሰሰ ደም ክርስቶስ እዩ ዚርከብ።*

*"ክርስቶስ ግና ናይቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር ሊቀ ካህናት ኰይኑ ምስ መጸ፥ በቲ ብሉጽን ፍጹምን ብኢድ ዘይተገብረ፥ ማለት ካብዚ ፍጥረት እዚ ዘይኮነ ድንኳን፥ ብደም ድቤላታትን ምራኹትን ዘይኮነስ ብደም ርእሱ ናይ ዘልኣለም ምድሓን ረኺቡ ሓደ ግዜ ናብቲ መቕደስ ኣተወ። ስለዚ ደም ድቤላታትን ኣረዉሕን ሓመኹስቲ ኣርሕን ኣብቶም ዝረኸሱ ተነጺጉ ንምጽራይ ሲጋ ዚቕድስ ካብ ኰነስ፥ ደም ክርስቶስ ብናይ ዘልኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፥ ንስኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ክንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ።" (እብ.9፥11-14)።*

*"...ደም ክርስቶስ.... ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ክንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ።"*

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርቲ (3ይ ትምህርቲ) ዝረኣናዮ፥ ሰብ ብምኽንያት እቲ ኣዳም ዝገበሮ ኣበሳ ሕሊናኡ ረኺሱን ተበላሽዩን እዩ። ስለዚ ኸኣ ሕሊናኡ ናብ ምዉት ግብሪ ጥራሕ እዩ ዚዝንብል። ምዉት ግብሪ ማለት ኣበሳን በደልን ማለት እዩ። ሰብ ኣብ ኣበሳን በደልን ክሳዕ ዝሃለወ ንህያው ኣምላኽ ኬገልግል ኣይክእልን እዩ። ንህያው ኣምላኽ ከገልግል እንተ ኾይኑ ሕሊናኡ ካብ ምዉት ግብሪ ኪነጽህ የድልዮ። ንሕሊና ሰብ ካብ ምዉት ግብሪ ኣንጺሁ ንኣገስግሎት ህያው ኣምላኽ ብቑዕ ዚገብር ከኣ ደም ክርስቶስ እዩ።

**"ብደሙ ምድሓን ማለት ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና።"**
**(ኤፌ.1፥7)።**

**"... ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱ'ውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ።"** (1ዮሃ.1፥7)።

ከምዚ ቃል ኣምላኽ ኣብ መልእኽቲ ናብ እብራውያን ዚብሎ ዘሎ ይቕሬታ፥ ወይ ሕድገት ሓጢኣትን ምድሓንን ብዘይ ምፍሳስ ደም ፍጹም ኣይከዉንን እዩ። ምእንቲ እቲ ሓጥእ ሓጢኣቱ ኪሕደገሉን ምድሓን ኪረክብን ሓጠኣቱ ጸይሩ ኣብ ክንድኡ ደሙ ዜፍስስ ተበጃዊ

የድሊ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ተበጀዉ፡ እቶም እንሳሳታት እዮም ኔሮም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ግና ክርስቶስ እዩ ተበጃዊ። ደሙ ኸኣ ሰለ ሕድገት ሓጢኣት ደቂ ሰባት ኢሉ ኣፍሲሱ። እዚ ደም ክርስቶስ እምበኣር ከምቲ ዮሃንስ ኣብ መልእኽቱ ዝገለጾ ካብ ኩሉ ሓጢኣት ዜንጽህ መንፈሳዊ መጽረዪ እዩ። እዚ ደም'ዚ ኬጽርዮ ዘይክእል መንፈሳዊ ማኪያ ፍጹም የልቦን። ሕድገት ሓጢኣት ወይ ስርየተ ሓጢኣት ዚርከብ እምበኣር በቲ ምእንቲ ሓጢኣት ሰባት ዝፈሰሰ ደም ክርስቶስ እምበር ብጾም፡ ብተጋድሎ፡ ብጽብቕ ግበሪ፡ ምጽዋት ብምሃብ፡ ኣብ ገለ ቅዱስ ቦታታት ወይ ኣድባራትን ታቦታትን ብምንጋድን ኣብኡ ኬድካ ጸሎት ብምዕራግን ወይ ፍሉይ በዓላት ብምብዓል ኣይኮነን።

ሰብ ዝኾነ ይኹን፡ ዝኾነ ሓጢኣት ይግበር፡ ዝኾነ ዓይነት ናብራን ህይወትን ይንበሮ ኬጽርዮ ኢሉ ደም የሱስ እንተደልዩ፡ ደም የሱስ ንኺጽርዮ ብቑዕ እዩ። በዚ ደም'ዚ ከይጸረየ ዚተርፍ ዓይነት ሓጢኣት ከቶ የልቦን።

- **ደም ክርስቶስ ዜጽድቕ ደም'ዩ።** ***"እምበኣርሲ ሕጂ ብደም መስቀሉ ምስ ጸደቕና ደኣ፡ ክንደይ ካብቲ ቍጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን።"*** **(ሮሜ.5፡9)።**
- **ደም ክርስቶስ ሰላም ዚህብ ደም'ዩ።** ***"ብእኡ ብደም መስቀሉ ገይሩ ሰላም ምስ ገበረ ኸኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኵሉ ንርእሱ ተዓሪቕዎ እዩ።"*** **(ቆሎ1፡20)።**
- ደም ክርስቶስ **ናብ መቕደስ ንምእታዉ ትብዓት ዚህብ ደም'ዩ።** "ስለዚ ***ኣሕዋተየ*** **በቲ** ***መጋረጃ፡ ማለት ብስጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም የሱስ ናብ መቕደስ ንምእታዉ ትብዓት ካብ ዚህልወና....*"** **(እብ.10፡19)። ኣብ ብሉይ** ኪዳን **ናብ** ***መቕደስ*** **ብደም ዚኣትዉ ካህናት** ጥራሕ **እዮም ኔሮም። ብደም የሱስ** ግና ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኵሉ **ሰብ ናብ መቕደስ ኪኣቱ ትብዓት ተዋሂቡ እዩ።**

**3. ሞት (መስዋእቲ) ክርስቶስ**

የሱስ ክርስቶስ 'መስዋእቲ ሓጢኣት' ከም ዝኾነ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ኣብ ኦሪት ዘሌዋዉያን ምዕራፋት 4ን 5ን 16ን ብዛዕባ መስዋእቲ ሓጢኣት ይዛረብ። ኣብ ምዕራፋት 4ን 5ን ሓፈሻዊ ብዛዕባ መስዋእቲ ሓጢኣት ይዛረብ። እቶም መስዋእቲ ሓጢኣት ዝኾኑ ዝነበሩ እንስሳታት ምስ ተሓርዱ ሕድገት ሓጢኣት ይወሃብ ከምዝነበረን፡ እቲ ስሊኡ መስዋእቲ ዚቐርበሉ ዘሎ ሰብ ምስ ኣምላኽ ከም ዚተዓረቕን ኢና ንርኢ። እታ ናይ ዘሌዋዉያን 16 ግና ፍልይቲ ኣገባብ መስዋእቲ ሓጢኣት እያ። ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ እያ እትኸዉን፡ መዓልቲ ዕርቂ ድማ

**ትበሃል። ብቋንቋ እብራይስጢ ድማ 'ዮም ኪፑር' ትበሃል። እዛ መዓልቲ እዚኣ ንኹሉ ህዝቢ እስራኤል ካብ ኩሉ ሓጢኣቶም ዜንጽህ መስዋእቲ ዚቐርበላ መዓልቲ እያ።**

**ኣብ ሓድሽ ኪዳን ክርስቶስ እዩ መስዋእቲ ሓጢኣት ኰይኑ። እቲ መስዋእቲ ኸኣ ንኹሉ ህዝቢ (ዓለም) ካብ ኩሉ ሓጢኣቱ ዜተዓርቕ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ዮሃንስ መጥመቕ ተዛሪቡ ኔሩ።** ***"ንጽባሒቱ ዮሃንስ ንየሱስ፡ ናብኡ ኪመጽእ ከሎ ረኣዮ እሞ፡ እንሆ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ በለ።"*** **(ዮሃ.1፡29)።**

**ዮሃንስ ከምዚ ብምባሉ ክርስቶስ መስዋእቲ ሓጢኣት ኪኸውን ምኳኑ'ዩ ኣተንቢሁ ኔሩ። ከምኡ'ዉን ክርስቶስ ባዕሉ፡** ***"....ንነፍሰይ ከኣ በኛ እተን ኣባጊዕ ኣሕልፉ።"*** **ኢሉ ምዝራቡ፡ መስዋእቲ ኪኸዉን ምኳኑ'ዩ ዚሕብር ኔሩ። ክርስቶስ እምበኣር ደቂ ሰባት ህይወት ንኪረኽቡ ኢሉ'ዩ መይቱ። ሰብ ብሰንኪ'ቲ ኣብኡ (ኣብ ሰብ) ዝነበረ ሓጢኣት ሞት'ዩ ዚግብኦ ኔሩ። ክርስቶስ ግና ሰብ ህይወት ምእንቲ ኺረክብ ኢሉ'ዩ መይቱ። ብሞቱ ኸኣ ንሰብ ሕድገት ሓጢኣት ከም ዚረክብ ብምግባሩ ናይ ዘልኣለም ህይወት ሂብዎ።**

**ንሱ ናብ ሞት ዜብጽሕ ዋላ ሓንቲ እኳ ኣይነበሮን ናብ ሞት ዜብጽሕ ዝነበሮስ ሰብ'ዩ። ምእንቲ ሰብ ኪብል ከኣ'ዩ ተበጅዩ። ኣብ ክንዲ ሰብ መስዋእቲ ኮይኑ፡ እዚ ማለት ከኣ ንሰብ ወኪሉ ኣብ ቦታ ሰብ ሞይቱ ማለት እዩ።**

***ፍቁር ሓወይ ክርስቶስ ኣብ ክንዳኻ ሞይቱልካ'ዩ፡ ፍቕርቲ ሓውቲ ክርስቶስ ኣብ ክንዳኺ ሞይቱልኪ'ዩ።***

**መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ሞቱን መስዋእቱን ነዚ ዚስዕብ ሕቅታት ዘርዚሩ ኣሎ፡-**

- ***ፍቕሪ ኣምላኽ፡ "ገና ድኹማት ከሎና ክርስቶስ ብጊዜኡ ምእንቲ ዓመጽቲ ሞተ። ኣብ ክንዲ ሓደ ጻድቕ ዚመዉት እኳ ዚርከብ ኣይመስልን እንድዒ ኣብ ክንድቲ ጽቡቕ ዝገበረሉ ኪመውት ዚደፍርሲ ምናልባሽ ኣይምተሳእነን ይኸዉን። ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ። ....ጸላእቱ ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና መይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ። ...ጸላእቱ ከሎና፡ ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና፡ ካብ ተዓረቕና ደኣ ክንደይ ብህይወቱ ኣዚና ዘይንድሕን።" (ሮሜ.5፡6-10)።***

- *"እምበኣርከ ሓደ በኻ ኵሉ ሞተ - ስለዚ ኵላቶም ሞቱ ..." (2ቈረ.5፥13)።*
  *"ድሕሪ ሕጂ እቶም ዘለዉ ነቲ ምእንትኦም ዝሞተን ዝተንሰኤን እምበር፣ ንርእሶም ምእንቲ ከይነብሩ፣ ንሱ ኣብ ክንዲ ኵላቶም ሞተ (2ቈረ.5፥15)።*

- *"ንኣኻትኩም፣ ቀደም ፍሉያት ብሓሳብኩምን ብኽፉእ ግብርኹምን ጸላእቲ ዝነበርኩም ከኣ .... ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ብሞቱ ገይሩ ዓረቐኩም።" (ቈሎ.1፥21,23)።*

- *"ሕጂ ግና ብመስዋእቲ ርእሱ ንሓጢኣት ኪስዕር ኢሉ እዩ ኣብ መወዳእታ ዘመናት ሓደ ግዜ እተገልጸ።" (እብ.9፥26)።*

**ሞት ክርስቶስ እምበኣር ናይ ዓወትና ምስጢር እዩ። ክርስቶስ መስዋእቲ ሓጢኣትና ኰይኑ በኻና ስለ ዝሞተ ሓጢኣትና ተሓድገልና። ዕላማ መስቀል ክርስቶስ እምበኣር ድሕነት ደቂ ሰብ እዩ።**

*"ብእኡ ዚኣምን ኵሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፣ ከይጠፍእሲ፣ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ፣ ከምኡ ድማ ወድ ሰብ ኪስቀል ይግባእ እዩ።" (ዮሃ.3፥15)።*

**"..... ተበጅየካ እየ እሞ ኣይትፍራህ ...." (ኢሳ.43፥1)።**

**ትንሳኤ ክርስቶስ**

**ከምቲ ኣብ መበል (4ይ) ትምህርቲ ዝረኣናዮ፣ ክርስቶስ ምስ ሞተ፣ መይቱ ኣይተረፈን። ኣብ መበል 3ይ መዓልቱ ካብ ሞት ተንሲኡ እዩ። ትንሳኤ ክርስቶስ ከኣ ብቐዳምነት፣ ብክርስቶስ ዘሎ ጽድቅን ሓድሽ ህይወትን እዩ ዜመልክት። ከምኡ ኸኣ ከምቲ ንሱ ካብ ሙታን ዝተንስኦ፣ እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ድማ ካብ ምዉታን ኪትንስኡ ምዃኖም'ዩ ዜርኢ።**

*"ስለዚ ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ፣.... ከምቲ ኵላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፣ ከምኡ ድማ ኵላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ እዮም።" (1ቈረ.15፥21-22)።*

*"ብሓንሳብ ብቕጽበት ዓይኒ፣ በቲ ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፣ እቲ መለኸት ኪንፋሕ እዩ እሞ፣ እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪትንስኡ እዮም፣ ንሕና'ውን ክንልወጥ ኢና። (1ቈረ.15፥52)።*

# ፬- የሱስ፡ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ

እዛ ክፍሊ'ዚኣ መቐጸልታ ናይ 4ይ ትምህርቲ እያ። ማለት 4ይ ትምህርቲ ኣብ መንነት የሱስ ኣትኪላ እያ እትዛረብ። ኣብ 4ይ ትምህርቲ ንየሱስ ከም ወዲ ሰብ መጠን ዝሓለፎ ህይወት ርኢና ኔርና። ኣብዚ ድማ ተወሳኺ መሰረታዊ ሓቅታት ክንርኢ ኢና።

**1. ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ**

*"የሱስ ናብ ምድሪ ቂሳርያ ናይ ፊልጶስ ምስ መጸ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ሰባት ንወዲ ሰብ መን እዩ ይብልዎ ኢሉ ሓተቶም።... ስምኦን ጴጥሮስ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። የሱስ ከኣ መሊሱ በሎ፡ ስምኦን ወዲ ዮና እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ እምበር ስጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ ፡ ብጹእ ኢኻ።"* በሎ (ማቴ.16፡13-17)።

ክርስቶስ ዚብል ቃል ብቛንቋ ኣብራይስጢ መሲሕ እዩ ዚብል፡ ክልቲኡ ኸኣ ትርጉሙ ቅቡእ ማለት እዩ። ንየሱስ "ክርስቶስ" ኪብሎ ከሎ እምበኣር ቅቡእ ማለት እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ምስ ቅብኣት ዚተሓሓዝ ሰለስተ ዓበይቲ ናይ ቅብኣት ኣገልግሎታት ኔሩ። እዚ ኸኣ *1- ንግስነትን 2- ነብይነትን 3- ክህነትን* እዩ። የሱስ ከኣ ናይዚ ሰለስተ ዓበይቲ ኣገልግሎታት ቅብኣት ኣለዎ።

- ንንግስነት ስለ እተቐብኤ ንጉስ ነገስታት እዩ (1ጢሞ.6፡15)።
- ንነብይነት ስለ እተቐብኤ ካብ ኲሎም ነብያት ይዓቢ፡ ወላ ካብቶም ዓበይቲ እተባህሉ፡ ሙሴን ዮሃንስን እውን ይዓቢ (እብ.3፡3, ማር.1፡7-8)።
- ንክህነት ስለ ተቐብኤ ዝለዓለ ሊቀ - ካህናት እዩ (እብ.7፡26)።

የሱስ እምበኣር ኲሉ ዓይነት ኣገልግሎታትን ዕዮን ንምግባር ተቐቢኡ እዩ። ኣብቲ "ወዲ ህያዉ ኣምላኽ" ዚብል እንተ ደኣ መጺእና፡ ብዛዕባ መለኮታውነቱ ማለት ብዛዕባ ኣምላኽነቱ ኢና ንርዳእ። ኣይሁድ ኣብ ስነ መለኮቶም ወዲ ኣምላኽ ማለት ኣምላኽ ከም ማለት እዮም ዚርድእዎ ኔሮም። ከምኡ ይርድኦም ስለ ዝነበረ ኸኣ የሱስ ከም ወዲ ኣምላኽ ኮይኑ ምስ ቀረቦም ወይ ምስ ተዛረቦም፡ "ሰብ ክንስኻ ንነፍስኻ ኣምላኽ ትገብራ ኣሎኻ" ኢሎሞ (ዮሃ.10፡33)። እምበኣርከስ የሱስ ወዲ ኣምላኽ እዩ። የሱስ ኣምላኽ እዩ (ሮሜ.9፡5, 1ዮሃ.5፡20)።

የሱስ ብዛዕባ ርእሱ ኪዛረብ ከሎ፡ ከም ወዲ ሰብን ከም ወዲ ኣምላኽን እዩ ተዛሪቡ። የሱስ ምድራዊት ኣደ ኣሎቶ። ንሳ ኸኣ ማርያም እያ። ብእኣ ኣቢሉ ኸኣ ሰብ ኮይኑ። የሱስ ግና ብስጋ ዝወለዶ ኣቦ የብሉን። ወዲ ህያው ኣምላኽ'ዩ በዚ ኸኣ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ክልተ ባህሪ

**ኣለዋ። እተን ባህሪ ኸኣ ናይ ፍጽምና ባህሪ እየን። ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን እዩ። ዚምለኽ ኣምላኽ እዩ።** ፍጽምና ዘለዎ ሰብ ድማ እዩ።

**"ቃል ስጋ ኮነ!" ዮሃ.1፡14**

**2. የሱስ ጐይታ ኹሉ እዩ**

**ጐይታ ማለት መላኺ** ወይት **ገዛኢ ማለት እዩ። የሱስ ክርስቶስ ጐይታ እዩ** ኪበሃል ከሎ ድማ **ኪመልኽን ኪገዝእን ዚኽእል እዩ።** ጐይትነቱ **ከኣ ኣብ ልዕሊ ኹሉ እዩ (ግሃ.2፡36, 10፡36, ኤፌ.1፡19-21)**።

*"ኣምላኽ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ኣተንሲኡ፡ ኣብ የማኑ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቐመጦ፡ ኣብታ እትመጽእ'ውን እምበር፡ ኣብ'ዛ ዓለም እዚኣ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ጐይትነትን ዚስመ ዘበለ ስምን ምስ ኣርኣዮ፡.... ንብዘሎ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣግዘኦ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉስ ርእሲ ምእንቲ ኪኸዉን ድማ ነታ ማሕበር ወፈዮ።" (ኤፌ.1፡19-22)*።

**3. የሱስ መድሓኒ እዩ**

**እቲ የሹዕ** ወይ **የሹዓ ዚብል** ናይ እብራይስጢ **ቃል'ዩ ኣብ ትግርኛ የሱስ ተባሂሉ ዘሎ። እዚ ኸኣ መድሓኒ ማለት** እዩ **(ሉቃ.2፡10-11)**። **ሓጢኣት ደምሲሱ፡ ሕድገት ሓጢኣት** ወይ **ስሬት-ሓጢኣት ሂቡ፡ ናይ ዘልኣለም ህይወት** ዚህብ **የሱስ'ዩ። ምእንት'ዚዩ** ኸኣ **ናብ ዓለም መጺኡ።**

*"ብእኡ ክንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።" (ግሃ.4፡12)*

*እቲ ቀዳማይን መሰረታውን ትርጉም ምድሓን ሕድገት ሓጢኣት እዩ (ኤፌ.1፡7)*። ብሓፈሻ ግና **ምድሓን ሰፊሕ እዩ፡ ኣብ ዉሽጡ** ኸኣ **ብዙሕ'ዩ ዚሕዝ። የሱስ ክርስቶስ፡**

- **ናይ ዘለኣለም ህይወት ሂቡ ካብ ዘልኣላማዊ ሞትን ኩነኔን ጥፍኣትን የድሕን። እዚ ማለት ከኣ መንግስተ ሰማያት ኣእትዩ ብሉጽ ርስቲ ዜውርስን ካብ ገሃነመ እሳት ዜድሕንን ንሱ እዩ።**
- **ንሰብ ካብ ሕማሙ ዜድሕን እዩ**።
- **ንሰብ ካብ ሰብ ዜድሕን እዩ**።
- **ንሰብ ካብ ሰይጣንን ኣጋንንትን ዜድሕን እዩ**።
- **ንሰብ ካብ ፍጥረት ዘበለ ዘድሕን እዩ**።

- ካብ ድኽነት፣ ድንቊርና.... ወዘተ ዜድሕን እዩ።

## የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ርእሱ ዝበሎ ሸውዓተ ቃላት

**1. የሱስ እንጌራ ህይወት እዩ**

*"የሱስ በሎም፣ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ናባይ ዚመጽእ ኣይጠምን፣ ብኣይ ዚኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን እዩ።"* (ዮሃ.6፡35 - 51)። እቲ ህይወት ዚህብ እንጌራ የሱስ እዩ። ሰብ ነቲ ካብ ምድሪ ዝኾነ እንጌራ በሊዑ፣ ኣብዚ ምድሪ ስጋኡ ብህይወት ይነብር። የሱስ ግን እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዩ።

ንሱ "ናባይ ዚመጽእ ኣይጠምን" ኢሉ። ባዕሉ እንጌራኡ ኰይኑዎ ኣሎ ማለት'ዩ። "ብኣይ ዚኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን እዩ" ኢሉ ። መስተኡ ኰይንዎ ኣሎ ማለት'ዩ። የሱስ ነቲ ናብኡ ዚመጽእን ብእኡ ዚኣምንን እንጌራ ኰይኑ ህይወት ይህቦ።

**2. የሱስ ብርሃን ዓለም እዩ**

"ሹዑ የሱስ፣ ኣነ ብርሃን ዓለም እየ። እቲ ዚስዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፣ ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ። ኢሉ ከም ብሓድሽ ተዛረቦም።" (ዮሃ8፡12)። ኣብቲ ብርሃን ዘለዎ ጸልማት የሎን (ዮሃ.1፡9)። ኣወንታዊ ዘበለ ነገራት ኩሉ ብብርሃን ይምሰል፣ ኣሉታዊ ዘበለ ኸኣ ብጸልማት ይምሰል። ንዓለም ብኣወንታዊ ነገራት ዚመልእ የሱስ እዩ። ንየሱስ ምስዓብ ከኣ ብርሃን'ዩ ዚህበካ።

**3. የሱስ ደገ ኣባጊዕ እዩ**

*"ሽዑ የሱስ ከም ብሓድሽ በሎም፣ እቲ ደገ ኣባጊዕ ኣነ ከም ዝኾንኩ፣ ብሓቂ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ...እቲ ደገ ኣነ እየ። ብኣይ ዚኣቱ ኪድሕን፣ ኪኣቱን ኪወጽእን መንሰዩ'ውን ኪረክብ እዩ።" (ዮሃ.10፡7-9)።*

**4. የሱስ ሕያዋይ ጓሳ እዩ**

"እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ህይወቱ በኽ ኣባጊዑ ይሕልፍ።" (ዮሃ.10፡11)። የሱስ ብዛዕባ ኣባጊዕ ከምዚ ይብል፣ *"ኣነ ኸኣ ህይወት ዘልኣለም እህበን፣ ንዘልኣለም ድማ ኣይጠፍኣን እየን ካብ ኢደይ'ውን ዚምንዝዔን የልበን።"* (ዮሃ.10፡28)።

**5. የሱስ ትንሳኤን ህይወትን እዩ**

**“የሱስ ከኣ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣመነስ እንተ ሞተ እኳ፣ ብህይወት ኪንብር እዩ። ነፍስ ወከፍ ብህይወት ዘሎ እሞ ብኣይ ዚኣምን ከኣ ንዘልኣለም ኣይኪመውትን እዩ።...” (ዮሃ.11፣25-26)።**

**6. የሱስ መገድን ሓቅን ህይወትን እዩ።**

**“የሱስ ከኣ፣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን።” በሎም (ዮሃ.14፣6)።**

**7. የሱስ ጉንዲ ወይኒ እዩ**

**“ኣነ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ እየ፣ ተኻሊኡ ኸኣ ኣቦይ እዩ፣... እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ። ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፣ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፣ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነ'ውን ኣብኡ፣ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍሬ ዚፈሪ።” (ዮሃ.15፣1-7)።**

# ፯ - ንስሓን እምነት ብየሱስ ክርስቶስን

ዛጊት ሽዱሽተ ዓበይቲ ኣርእስታት ርኢና ኣሎና፥ ኩሉ እቲ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ትምህርትታት ከኣ ናብዛ ሻብዓይቲ ትምህርቲ ንኬብጽሓና፥ ከም መጠጥሒ ኢና ርኢናዮ። እዚ ሕጂ እንሪኦ ትምህርቲ ግና እቲ ቐንዲ ዕላማ ናይዚ *"ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ"* ዚብል ትምህርቲ እዩ። ስለዚ ብልቢ ምምሃሩ የድሊ። ቀጺልና "ንስሓን እምነት ብየሱስ ክርስቶስን" ንዚብል ኣምር ዘርዚርና ክንርእዮ ኢና።

ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትታትና ወዲ ሰብ ኩሉ ሓጥእ ከም ዝኾነ ርኢና ኔርና። እዚ ሓጢኣት እዚ ኸኣ ካብ ኣዳም ናብ ኩሉ ዓሌት ሰብ ከም ዘይተርፍ ውርሻ ኰይኑ እተመሓላለፈ እዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ወድ ሰብ ካብ ዚውለድ ኣትሒዙ፥ ብሰንኪ'ቲ ዝወረሶ ናይ ምሕጣእ ባህሪ፥ በብደረጃኡ ሓጢኣታት እናገበረ ይርከብ ኣሎ። **ሓጢኣት ካብ ፍቓድ እግዚኣብሄር ወጻእካ ከም ፍቓድ ርእስካ ምኻድ እዩ።**
ሰብ ካብዚ ናይ ሓጢኣት ባህሪ ንኪድሕን ከኣ እቲ እንኮ መድሓኒ የሱስ ክርስቶስ እዩ። ከመይ ኢሉ ከም ዚድሕን ከኣ ኢና ኣብዚ ክንርኢ።

ንስሓን እምነትን ክልተ ዘይፈላለያ መንፈሳውያን ሓይላት እየን። ሃዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፥ "ንኣይሁድን ንጽርኣዊያንን ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከኣ ኪኣምኑ እናመስከርኩ፥ ዚጠቅም ዘበለ እናሰበኽኩልኩም ኣብ ዋዕላ ኰነ ኣብ ቤት ኰነ ምምሃርኩም ከቶ ኣየብኰርኩን።" (ግሃ.20፥20-21)። ምስ'ዚ ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ብዚተሓሓዝ፥ ኣብ መልእኽቲ ናይ እብራውያን'ውን ብዛዕባ'ቲ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ፥ "ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ፥ እምነት ብኣምላኽ..." ኢሉ መስርዕ ኣትሒዝዎ ኣሎ (እብ.6፥1-2)።

ስለዚ ከምቲ ኣቐዲሙ እተባህለ ሰብ ሓጥእ እዩ። (ኵሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽ ስኢኖም። (ሮሜ.3፥23) እቲ ሓጥእ ሰብ ዚገብሮ ግብሪ ምዉት ግብሪ እዩ። ብስንኪ'ቲ ምዉት ግብሪ ኸኣ ሰብ ብመንፈስ ምዉት ምዃኑ ኣብ ዝሓለፈ (3ይ) ትምህርቲ ርኢና ኔርና። ካብዚ ምዉት ግብሪ ወጺእካ ህያው ግብሪ ክትገብር እሞ ንስኻ ድማ ህያዉ ክትከዉን ንስሓ የድሊ።

**ንስሓ፥**

1. **ሓጥእ ምዃንካን ሓጢኣት ምግባርካን ምእማን** ከምኡ ድማ
2. **ናብ ህያው ኣምላኽ ምምላስ ማለት እዩ።**

ኣብዚ ዝሓለፈ ትምህርትታት እቲ ህያው ኣምላኽ መንን ከመይ ዝበለን ምዃኑን ተማሂርና። ሰብ ብባህሪኡ ካብዚ እተገልጸ ኣምላኽ ርሒቑ እዩ ዚርኩብ። ንስሓ ማለት እምበኣር እቲ ዝጸንሓካ ግጉይ ኣረዳድኣን ናብራን ከም ዘይጠቕመካ ፈሊጥካ ናብቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ዘሎ ኣምላኽ ሓቂ ምምላስን፡ ብመገዲ መጽሓፍ ቅዱስ ክትነብር ምውሳንን እዩ። ብዘይካ'ዚ ናብ'ዚ ሓቀኛ ኣምላኽ ክትምለስ ብመገዱ'ውን ክትነብር እንተ ደኣ ወሲንካ፡ እቲ መገዱ "የሱስ ክርስቶስ" ምዃኑ ኣቐዲምና ርኢና ኣሎና። ስለዚ ብየሱስ ክርስቶስ ምእማን የድሊ። እዚ እምነት'ዚ፡ ምፍላጥ ዘይኮነስ ፈሊጥካ ምቕባል እዩ። እቲ ኪፍለጥ ዚግብኦ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትታት (ብፍላይ ካብ 4ይ ትምህርቲ ንነጀው) ተዘርዚሩ ኣሎ። እቲ ምቕባል ዘድልዮ ኸኣ ንሱ'ዩ። ሰብ ናብ ኣምላኽ ሓቂ ኪምለስ ምስ ወሰነ፡ ብስም የሱስ ክርስቶስ ኪኣምን ኣለዎ ኣብዚ ስም የሱስ ክርስቶስ ክንብል ከሎና፡

- ኣምላኽነቱ
- ኣብ ትንቢት ከም እተዘረበሉ
- ብስጋ ካብ ድንግል ማርያም ብዘይ ተራኽቦ ሰብኣይ ከም እተወልደ
- ኣብዛ ምድሪ መንግስቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከም ዝሰበኸን ዝመሃረን
- ሕሙማት ከም ዘሕወየን ኣጋንንቲ ከም ዘወጽኤን
- በደል ዚበሃል ዘይብሉ ክንሱ ምእንቲ ድሕነት ሰብ ኢሉ መከራ ከም እተቐበለን
  - ኣብ መስቀል ከም እተሰቕለን መይቱ ከም እተቐብረን
  - ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ብተኣምራት ካብ ሞት ተንሲኡ መቓብሩ ፈንቂሉ ከም ዝተንሰኤን
- ንሰማይ ዓሪጉ ኣብ የማን ኣቦ ከም እተቐመጠን ሕጂ'ውን ኣብ የማን ኣቦኡ ከቢሩ ከምዘሎን
- ንሰብ ሕድገት ሓጢኣትን መንግስተ ሰማያትን ዚህብ፡ ካብ ኩነኔ - ገሃነመ እሳት ዜድሕን ሓደ ንሱ በይኑ ከም ዝኾነን፡ ጐይታ ኩሉ ምዃኑን
- ዳግም ኣብ ምዱብ ግዜኡ ብኽብሪ ኪምለስ ምዃኑን ዘልኣለማዊ ፍርዲ ኪፈርድ ምዃኑን

*ብስም የሱስ ክርስቶስ ምእማን ክንብል ከሎና እምበኣር ነዚ ተዘርዚሩ ዘሎ መለኮታዊ ሓቅታት ምእማንን ምቕባልን ማለት'ዩ።*

**ወንጌል ሕልኽላኽን ጥንግናግን መልእኽቲ ኣይኮነን። ገርሄኛን ተራን መልእኽቲ እዩ። ስለዚ ፍቁር ሓው -ፍቕርቲ ሓብቲ ሎሚ እግዚኣብሄር እቲ ህያውን ሓቀኛን ኣምላኽ ናብኡ ክትምለሱን ብየሱስ ክርስቶስ ወዱ ክትኣምኑን ይደልየኩም ኣሎ። እቲ መሰረታዊ ዕድመ ኣምላኽ ከኣ እዚ እዩ። እዚ ዕድመ'ዚ ተቐቢለዮ ናብ ኣምላኽ ክምለስ እንተ ደአ ወሲኑ፣ ብየሱስ ክርስቶስ ከኣ እንተ ደኣ ኣሚኑ እንታይ'የ ክረክብ ትብል ትኽዉን። ነዚ ዚስዕብ በረኸታት ክትረክብ ኢኻ።**

- **ሕድገት ሓጢኣትን መንግስተ ስማያትን ክትረክብ ኢኻ**
- **ክትድሕን ኢኻ (ግሃ.16፥30-31)**
- **ናይ ዘልኣለም ህይወት ክትረክብ ኢኻ (ዮሃ.3፥15-16, ዮሃ6፥47,39-40)**
- **ንኣምላኽ ወራሲኡ ንክርስቶስ መዋርስቱ ትኸውን (ሮሜ.8፥17)**
- **ካብ ኲነኔ ትድሕን (ሮሜ.8፥1)**
- **ሓድሽ ፍጥረት ትከኸውን (2ቆረ.5፥17).....ወ.ዘ.ተ.**

**ፍቁር ሓው፣ ፍቕርቲ ሓብተ፤ ነዚ ተዘርዚሩ ዘሎን ካልእን ንኽትረክብ፣ ከምዝን ከምትን ምግባር ኣይኮነን ዘድልየካ/ኪ እዛ ትምህርቲ ብዓባያ፣ "ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ" እያ ትብል። ጸጋ፣ ብኸምኡ፣ ብነጻ ዚወሃበካ ናይ ኣምላኽ ውህበት እዩ። ገለ ጽቡቕ ነገር ስለ ዝሰራሕካ ዚወሃበካ ዓ ስቢ ኣይኮነን። *ንክርስትና ካብ ካልኦት ሃይማኖታት ካብ ዚፈልዮ መሰረታዊ ትምህርቲ ድማ እዚ "ጸጋ" ዚብል ትምህርቲ እዩ።* ጸጋ ንዘመናት ተሰዊሩ'ዩ ኔሩ፣ ሕጂ ግና ኣብ'ዚ ዳሕራይ ዘመን ብየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ተገሊጹ።**

***"....እቲ ምስጢር.... ጸጋ ኣምላኽ.... ከምቲ እዚ ሕጂ ነቶም ቅዱሳን ሃዋርያቱን ነቢያቱን ብመንፈስ እተገልጸሎም ኳይኑ ኣብቶም ካልኦት ወለዶ ንደቂ ኣዳም ኣይተፈልጠን።"* (ኤፌ.3፥2-5, 1ጴጥ.1፥10-12)። ደጊመ ክነግር፣ እዚ ክንዝርዝሮ ዝጸናሓና ኣብዚ ዘመን'ዚ ንደቂ-ሰብ እተዋህበ በረኸት ብግብሪ ዘይኮነስ ብኸምኡ ብጸጋ እዩ ዚርከብ።**

> *"ንሕናስ ከምኣቶም ደኣ ብጸጋ ጐይታና የሱስ ከም እንድሕን ንኣምን ኣሎና።" (ግሃ.15፥11)። ሰብ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ እምበር፣ ብግበሪ ሕጊ ከም ዘይጸድቕ ካብ ፈለጥና ግና፣ ሎሉ ስጋ ብግብሪ ሕጊ ዘይጸድቕ ስለ ዝኾነ፣ ንሕና ኸኣ ብግብሪ ዘይኮነስ ብእምነት ብክርስቶስ ምእንቲ ክንጸድቕ ብክርስቶስ የስሱ ኣመንና።" (ገላ.2፥16)።*

*"ሓደ እኳ ከይምካሕሲ፡ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ፡ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር ካባኻትኩም ኣይኮነን።" (ኤፌ.2፡8-9)።*

**ንቲቶስ ኣብ ዝጸሓፈሉ መልእኽቲ'ውን ሃዋርያ ጳውሎስ ጽድቕን ድሕነትን ዚርከብ ብጸጋኡን ምሕረቱን እምበር፡ ንሕና ብእንገብሮ ግብሪ ጽድቂ ከምዘይኮነ ተዛሪቡ ኣሎ (ቲቶ.3፡4-7)። ፍቁሪ ሓው - ፍቕርቲ ሓውቲ፡ ሎሚ እግዚኣብሄር እቲ ዝበለጸ ዕድመ የቕርበልካ/ኪ ኣሎ። ብንስሓ ናብኡ ተመለስ/ሲ ብስም የሱስ ክርስቶስ ከኣ እመን/ኒ። እቲ ኵሉ ዝበልናዮ በረኸትን፡ ካልእ ብዙሕ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተዘርዚሩ ዘሎ በረኸታትን ከኣ ክትወርስ/ሲ ኢኻ/ኺ። ኣብታ ወሲንካ ንየሱስ ክርስቶስ ዝኣመንካላን እተቐበልካላን ህሞት ውሉድ ኣምላኽ ተባሂልካ ኣብ ሰማያት ሽምካ ኪምዝገብ እዩ። መላእኽቲ ኸኣ ብሰንኪ ውሳኔኻን ውሉድ ኣምላኽ ኴንካ ኣብ ሰማያት ኣብ መዝገብ ህይወት ብምምዝጋብካን ኪሕጐሱ እዮም።**

**እዚ ብሉጽ ዕድመ'ዚ ከይሓልፈካ ተጠንቀቕ። ነዚ ምርጫ'ዚ ጽባሕ፡ ድሕሪ ጽባሕ እትብለሉ ምኽንያት ፍጹም ከተቕርብ የብልካን። ከተቕርቦ እትኽእል ምኽንያታት ኵሉ ኣምላኽ ይፈልጦ እዩ። እናፈለጠ ግና ነዚ ዕድመ'ዚ የቕርበልካ ኣሎ። ሎሚ ተቐበሎ። ቃሉ፡ *"ብቕብልቲ ጊዜ ሰማዕኩካ፡ ብመዓልቲ ምድሓን ከኣ ረዳእኩካ፡ ይብል እዩ እሞ፡ እንሆ እታ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ እያ።"* ይብል (2ቆረ.6፡2)። ስለዚ፡ *"ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም፡ ከምቲ ብነድሪ ልብኹም ኣይተትርሩ" (እብ.3፡15)።***

***"እቲ ብዕብዳን ብፍትወት ስጋ ብስኽራን ብጓይላ ብመስተ ብርኹስ ምምላኽ ጣኦት ክትነብሩ ከሎኹም ፍቓድ ኣህዛብ ዝገበርኩምሉ ዝሓለፈ ዘመን ይኣክል እዩ።"* (1ጴጥ.4፡3)።**

> **ሎሚ - ኤረ ሕጂ ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ተመለስ/ሲ!**
>
> **ሎሚ - ኤረ ሕጂ ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣሚንካ/ኪ ካብ ሓጢኣትካ/ኪ ንጻህ ዘልኣለማዊ ህይወት ከኣ ርኸብ፡ ኵሉ በረኸታት ኣምላኽ ከኣ ተቐበል!**

## *እንታይ ወሲንካ? እንታይ ወሲንኪ?*

**ነቲ ዝወሰንካዮን ዝኣመንካዮን ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተኣመኖ።**

ክትረኽቦ እንተ ኽኢልካ **ናይ ቢል ብራይት** ዚመሓላለፍ **ካሴታትን ናይ** ሓው **ባርናባስ ምስክርነት 1ይ ካሴትን ስማዕ።**

# ፳ - ናብራ ክርስትና

እምበኣርከስ ሕጂ ነዚ ትምህርትታት ኩሉ ተቐቢልካ ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ተመሊስካ ብየሱስ ክርስቶስ ካብ ኣመንካ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ንስኻ ወራሲ በረኸት ኢኻ። ንስኻ ናይ ኣምላኽን ናይ የሱስ ክርስቶስን ኢኻ። *"ንሱ ካብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና ናብ መንግስቲ ፍቁር ወዱ'ውን ኣእተወና።"* (ቈሎ.1፡13)። ደጊም መንግስቲ ካብ ቀየርካ፡ ዉልድነት'ውን ካብ ቀየርካ ናብራ ድማ ኪቕየር ናይ ግዲ እዩ። ሓንቲ ጤል በጊዕ እንተ ትቕየር በጊዕ ኰይና ምነበረት። ንስኻ ድማ ሳላ ክርስቶስ ተለዊጥካ ኢኻ። ሓጥእ ኔርካ የሱስ ግን ንሓጢኣትካ ኪሓጽብ ኢሉ ክቡር ደሙ ኣፍሲሱ፡ ንስኻ ኸኣ ነዚ ብምእማንካ ጸዲቕካ ኣሎኻ እቲ ቀዳማይ ደረጃ ናይ ክርስትና እቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ (ኣብ 7ይ ትምህርቲ) ዚምእከል ትምህርትታት ብእምነት ምቕባል እዩ። እቲ 2ይ ደረጃ ኸኣ እቲ ካብዚ "ናብራ ክርስትና" ዚብል ኣርእስቲ ዚጅምር እዩ። ደጊም ከም ሓቀኛ ክርስትያን ክትነብር የድልየካ። ጐይታ ስለ ዘጽደቐካ ናብራ ጽድቂ ክትነብር የድልየካ። ከም ሓቀኛ ክርስትያን ኰንካ ምንባር ንሓደ ዝኣመነ ሰብ ኪቢድ ኣይኮነን - ቀሊል እዩ። ጸጋ ኣምላኽ እዩ ዚሕግዞ። እዚ ናብራ ክርስትና ዚብል እቲ ዝሰፍሐ ትምህርቲ ክርስትና እዩ። ኣብዚ ትምህርቲ (ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ) ግና እቲ መበገሲ ዝኾነ ነጥብታት ጥራሕ ኢና ክንርኢ። ዝተረፈ ኸኣ ኣብ ካልእ ትምህርትታት ኪቕጽል እዩ።

1. **ቃል ኣምላኽ እንብብ**

   እምበኣርከስ ሕጂ ኣብ ናብራ ክርስትና ዘእትወካ እንኮ መጋበሪ ቃል ኣምላኽ እዩ። ኣብ ናብራ ክርስትና ብዘይካ ብቃል ኣምላኽ ክትኣቱ ዘይከኣል እዩ። ቃል ኣምላኽ ናብራ ክርስትና ከመይ ምዃኑ የፍልጠካ። ቃል ኣምላኽ ምእንቲ ክትፈልጥ እሞ ብቑዕ ናብራ ክርስትና ክትነብር መጽሓፍ ቅዱስ ኣዘዉቲርካ ከተንብብ የድልየካ፡ እወ! መዓልታዊ ምንባብ የድልየካ።

   *"እምበኣርሲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ፡ ምስማዕ'ውን ብቓል ክርስቶስ እዩ።"* (ሮሜ.10፡17)። ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝረኸብናዮ ቃል ኣምላኽ ከኣ ምእዛዙን ምግባሩን የድሊ።

2. **ጸሎት ኣዘውትር**

   ጸሎት ማለት ምስ ኣምላኽ ምዝርራብ ማለት እዩ።

   - ንእግዚኣብሄር ስለቲ ዝገበረልካ ጹቡቕ ነገር ኣመስግኖ።

- ንእግዚኣብሄር መንነቱ ፈሊጥካዮ ኣሎኻ ዕቤቱ ርኢኻዮ ኣሎኻ፤ ክእለቱ'ውን ርኢኻዮ ኣሎኻ ስለዚ ወድሶ።
- ዘድልየካ ገለ ነገር እንተሃለወ፤ ወይ ካልኦት ኪረኽብዎ እትደልዮ እንተሃልዩ ንኣምላኽ ለምኖ።
- ክትገብሮ ዘይግብኣካ - ሓጢኣት እንተጌርካ ንኣምላኽ ምሕረት ለምኖ - ተናዘዝ።

ብዘይካዚ ኣምላኽ ኪዛረበካ እዩ። ብእተፈላለየ ኣገባብ ጌሩ ኪዛረበካ እዩ። ብመጽሓፍ ቅዱስ ጌሩ ኪዘረበካ እዩ። ብኣገልገልቱ ጌሩ ኪዛረበካ እዩ። ብሕልሚ ጌሩ ከዛረበካ እዩ። ስምዓዮ!
እዚ ኩሉ (ማለት ንእግዚኣብሄር ምዝራብን ዘረባኡ ምስማዕን ጸሎት ይበሃል።) ጸሎት ናይ ልብኻ ዋሕዚ እዩ። ምልኣት ልብኻ፤ ማለት እቲ ንእግዚኣብሄር ክትብሎ እትደሊ ኪውሕዝ ምስ እትገድፎ ጸሎት ይበሃል። እምበኣርከስ ጸሎት ኣይክእልንየ ኣይትበል። ሓሳብ ኣሎካንድዩ? በቃ! ሓሳብ እንተደኣ ሃልዩካ ነቲ ንእግዚኣብሄር ክትብሎ ዝሓሰብካዮ ምባሉ ንሱ እዩ ጸሎት። መጽሓፍ ጸሎት ሒዘ ዘይጸለኹ ኣይትበል። ብዘይ መጽሓፍ ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍቲ ዚበዝሕን ዚበልጽን ጸሎታት ክትጽሊ ኽትክእል ኢኻ። ስለዚ ጸሎት፤ ብምጽላይ እዩ ዚከኣል። ሓያል ጸላያይ ክትከውን ምእንቲ ጸሊ። ጸሎት እምበኣር ደድሕሪ ቃል ኣምላኽ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ጸሎት ኣዘውትር።

### 3. ሕብረት ምስ ኣሕዋት ግበር

ኣብ ናብራ ክርስትና ካልእ ኣድላዪ ድማ ኣሎ። እዚ ኸኣ ጉዳይ ሕብረት እዩ። ካብ ቅኑዕ መገዲ ዝዘምበሉ ብጾት ኔርሙኻ እንተ ኾይኖም፤ ደጊም ኣሰሮም ክትክተል ኣየድልየካን'ዩ። **“ኣይትታለሉ ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልማድ የጥፍኦ እዩ።”** (1ቆረ.15፥33)።

ስለዚ እንተ ተኻኢሉ ኣዕሩክኽትኻን ብጾትካን'ውን ከማኻ ተነሲሖም ብየሱስ ክርስቶስ ኪኣምኑን ናብራ ክርስትና ኪነብሩን ንገሮም። እንተዘይተቐቢሎሙኻ ግን ካብኦም ምፍላይ ከድልየካ እዩ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ተፈሊኻ ንበይንኻ ምኳን፤ ጽቡቕ ስለ ዘይኮነ፤ ኣሕዋትን፤ ብጾትን ኣዕሩኽን የድልዩኻ ስለዝኾኑ ኣብቶም ኣስኣስር የሱስ ክርስቶስ ዚስዕቡ ቀሪብካ ምስኦም ሕብረት ግበር። ንሳቶም ብእምነት ኣሕዋትካ እዮም።

*“እንሆ ኣሕዋት ብሓደ ሓቢሮም ኪነብሩስ ክንደይ ሰናይን ክንደይ ጥዑምን እዩ።” (መዝ.133፥1)።*

**4. ፈተና ተጻወር (መስቀልካ ተሸከም)**

**ዓለምን ናብራ ዓለምን ትፈልጦ ኢኻ። ዓለማዊ ካብ ምዃን ክርስትያን ምዃን ከም ዚበልጽ ኣሚንካ ኢኻ ከኣ ብየሱስ ኣሚንካ። ካብታ ንየሱስ ክርስቶስ ኣሚንካ ከም ክርስትያን ክትነብር ዝጀምረካላ ጊዜ ኸኣ፡ ፈተና ኣሎካ። ነዚ ፈተና ዚብል ቃል፡ ካልእ ተመሳሳሊ ቃል'ዉን ኣለዎ። ጸበባ፡ መከራ፡ ሰደት፡ ምስጓጕ ዚብል ቃላት ምስቲ ፈተና ዚብል ቃል ብዙሕ ፍልልይ ዘለዎ ኣይኮነን።**

**ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብምእማንና ሰባት ኪጸልኡና፡ ኪጸርፉና፡ ኪሰጉና፡ ኬዋርዱና፡ ኪገርፉና፡ ኪኣስሩና፡ ወላ'ውን ኪቕትሉና ይኽእሉ እዮም።**
**መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡**

- *"ስለ ስመይ ከኣ ኩሉ ሰብ ኪጸልኣኩም እዩ። እቲ ክሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ ግና፡ ንሱ ኪድሕን እዩ።" (ማቴ.10፡22)።*
- *"..... ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም..." (ዮሃ.16፡33)።*
- *"ዓለም እንተጸልኣትኩም፡ ንኣይ ቅድሜኹም ከም ዝጸልኣትኒ ፍለጡ። ካብ ዓለም እንተ ትኾኑስ፡ ዓለም ነቲ ናታ ዝኾነ ትፈትዎ እያ እሞ፡ ምፈተወትኩም ነይራ። ኣነ ደኣ እየ ካብ ዓለም ዝሓሬኹኹም እምበር፡ ካብ ዓለም ኣይኮንኩምን፡ ስለዚ ዓለም ትጸልኣኩም እያ።" (ዮሃ.15፡18-19)።*
- *ምእንቲ ከይትዕንቀፉ ኢለ እየ እዚ ዝነገርኩኹም። ካብ ቤት ጸሎቶም ኬውጽኡኹም እዮም። ኤረ ዝቐተለኩም ዘበለስ ንኣምላኽ ኣገልግሎት የቕርበሉ ከም ዘሎ ዚመስሎ ጊዜ ክትመጽእ እያ።" (ዮሃ.16፡1-2)።*
- *"ግናኸ እቶም ብክርስቶስ የሱስ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ኪነብሩ ዚደልዩ ኵሎም ኪስጐጉ እዮም።" (2ጢሞ.3፡12)።*

**ፍቁር ሓው - ፍቕርቲ ሓውቲ፡ ብሰንኪ እምነትካ/ኪ እዚ ከምዚ ዝበለ ፈተና ኪወርደካ/ኪ ከም ዚኽእል ክትፈልጥ የድልየካ። ክርስትያን ከኣ ነዚ ምዱብ እዩ። ኣምላኽ ግና ነዚ ከምዚ ዝበለ ፈተናታትን መስቀልን ምጽዋሩ ዜኽእል ጸጋ ወይ ሓይሊ ይህበካ እዩ። ሃዋርያ ጳዉሎስ፡ "በቲ ሓይሊ ዚህበኒ ንዅሉ እኽእሎ እየ።" ኢሉ ኣሎ (ፊል.4፡13)። ነዚ ከምዚ ዝበለ ፈተናታት ንኽንቱ ኣይኮንካን እትጻወሮን እትዕገሶን፡ ኵንእ ብሉጽ ዓስቢ ይጽበየካ ስለ ዘሎ ኢኻ እትጻወሮ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡**

*"ምእንቲ ጽድቂ ዚስደዱ መንግስቲ ሰማያት ናታቶም እያ እሞ፡ ብጹኣን እዮም። እንተ ጸረፉኹምን እንተ ሰጐጉኹምን ምእንታይ ድማ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩምን፡ ብጹኣን ኢኹም። ከምኡ ኸኣ ቅድሜኹም ንዝነበሩ ነብያት ሰጒጎምዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ተሓጎሱ ባህ'ዉን ይበልኩም።" (ማቴ.5፡10-12)።*

*"እቲ ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ኸኣ ዘይሰምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ዘይተሓሰበ፡ ኣምላኽ ነቶም ዚፍቅርዎ ኣዳለወሎም።" (1ቈረ.2፡9)።*

*"እቲ ሸዓ ዚሓልፍን ቀሊልን ጸበባና ማእለያ ዜብሉ ብሉጽ ናይ ዘልኣለም ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ እሞ፡ እቲ ናይ ወጻኢ ሰብና እንተ በሰበሰ እኳ፡ እቲ ዉሽጥና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ ኣሎ፡ ስለዚ ኣይንሕለልን ኢና። እቲ ዚርኤ ንግዚኡ እዩ፡ እቲ ዘይርኤ ግና ንዘልኣለም እዩ እሞ፡ ንሓና ነቲ ዘይርኤ እምበር፡ ነቲ ዚርኤ ኣይንጥምትን ኢና።" (2ቆረ.4፡16-18)።*

ፍቁር ሓው፡ ፍቅርቲ ሓብቲ ንጸበባ ምጽማም ጠቕሚ ኣለዎ - እኳ ደኣ ማእለያ ዜብሉ ጥቕሚ። ቅድሚ ሕጂ ብሰንኪ እምነትካ ተጸሊእካን ተፈቲንካን ኣይትፈልጥን ትኸዉን፡ ነቲ ሕቀኛ ክርስትያን ግና ዓለም ትጸልኦ እያ። ***እሞኸ ዓለም ክትፈትወካዶ ይሕሽካ ወይስ ጐይታ ኪፈትወካ?*** ኣይትዓሹ! ዓለም ሓላፊት'ያ፡ እወ፡ ነዚን ዘይትፈልጠን ተሪፈናኻ ዘለዋ ዕድሜኻ ኢልካ ኣይትዓሹ፡ ምስ የሱስ መስቀልካ ጹርካ ምኻድ ይሕሽካ።

*"መስቀሉ ኣልዒሉ ደድሕረይ ዘይስዕብ ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ።" (ማቴ.10፡38)።*

ፍቁር ሓው፡ ፍቅርቲ ሓውቲ ንህይወት ክርስትና ብኸምዚ እናነበርካ ቀጽሎ።

------------ ***ጸጋ ኣምላኽ ኣኻሊ እዩ!*** ----------------

**ነዚ ትምህርቲ ምስ ወዳእካ** ብእተኻእለ መጠን ደሊኻ፡ *1. መጽሓፍ ሰማእታት ካታኮምበ እንብብ*

*2. ኮ ቫዲስ እትብል ቪድዮ ፊልም ረኤ*

*እግዚኣብሄር ምግላጹ ይሃብኩም! ኣሜን!*